# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.211 | ሰሉስ 5 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 "ብሉጽነት ሰብ-ሞያ ፋርማሲ...



ገጽ 4 ስነ-ጥበብ መኸተ



ገጽ 5  ጎቦ እንክፈርስ...

ገጽ 7 ምልክታ


## ሰ/ቀ/ባሕሪ - ቅነ ባህልን ስፖርትን ተመሃሮ ፈሊሙ

ቅነ ባህልን ስፖርትን ተመሃሮ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ "ፍልጠት፡ ቀሳሲ ምዕባለ ባህሊ" ብዝብል ቴማ፡ ብ2 ግንቦት ኣብ ባጽዕ ፈሊሙ።

ኣብ'ቲ ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ጥዋለት ዝተኻየደን ጉጅለታት ባህሊ ንኡሳን ዞባታት ብዘቕረብኦ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኢታት ዝተሰነየን ስነ-ስርዓት፡ ኣቦ-መንበር ባይቶ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ኢብራሂም ዓሊ ሼኽ፡ ንምጅማር ናይ'ቲ ቅነ እተበሰር ሸግ ወሊዑ።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓላፊ ኣሃዱ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር መሓመድ ዓብደላ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ካብ 10 ንኡሳን ዞባታት ዝተዋጽኡ ልዕሊ 500 ተመሃሮ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ይሳተፉ ከምዝለዉ ጠቒሱ፡ ዓመታዊ ምስ ቅንያት በዓል ናጽነት ዝካየድ ምስ ምዃኑ፡ ኣብ ምኽስኻስ ሃገራዊ ክብሪታትን ምድማቕ ቅንያት ናጽነትን ኣበርክቶ ከምዘለዎ ገሊጹ።

እቲ ክሳብ 6 ግንቦት ዘቕጽል ቅነ፡ ውድድራት ትልሂት፡ ግጥሚ፡ ደግማ ደርፊን መዛሙርን፡ ድራማ ከምኡ'ውን ትምህርታዊ ውድድራት የጠቓልል።

ኣመሓዳሪ ከተማ ባጽዕ ኣቶ ሃይለ ኣስፍሃ ብወገኑ፡ እቲ ቅነ - ኣብ መንእሰያት ባይታ ምልውዋጥ ተመኩሮን ሌላን ስለዝፈጥር ኣገዳስነቱ ልዑል ምዃኑ ብምግላጽ፡ ተመሃሮ ብልዑል ወኒ ክዋስኡ ኣዘኻኺሩ።




## ደቡብ - ማሕበር ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንተሓከምቲ ፌስቱላ ኣተባቢዑ

ማሕበር ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ዞባ ደቡብ፡ ኣብ መወከሲ ሆስፒታል ዞባ ደቡብ ኣብ ዝርከብ ማእከል ሕክምና ፌስቱላ ተዓቚብየን ክንክን ንዝግበረለን ዘሎ ወገናት፡ ገንዘባውን ሞራላውን ደገፍ ገይሩ።

ብ30 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምብጻሕ መደብ፡ ካብ ኣባላት ማሕበር ዝተዋጽአ ገንዘብ ንተሓከምቲ ተዓዲሉ።

ኣቦ-መንበር ማሕበር መንእሰይ ኻልድ ዓብዱላሂ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምሕጋዝ ጽጉማት ወገናት ካብ ቀንዲ ዕላማታት ማሕበር ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ንተሓከምቲ ፌስቱላ ንምድጋፍ ዝተወሰደ ተበግሶ ኣካል ናቱ ከምዝኾነ ገሊጹ።


ስእሊ.የዕብዮ ባህታ

ክኢላታት መወልዳን ዶ/ር ሃብቱ ሃይለመለኩትን ዶ/ር ኣብርሃም ኣማኑኤልን ብወገኖም፡ ቀንዲ ጠንቂ ፌስቱላ - ክሸቦ ደቂኣንስትዮ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ቅድሚ ሕርሲ ግቡእ ክትትል ዘይምግባርን ከምዝጠቓልል ብምጥቃስ፡ ንምውጋዱ ብንቕሓት ክሰርሕ ተላብዮም።

ኣብ 2019 ዝተመስረተ ማሕበር ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት መንደፈራ፡ ዓዲ-ቐይሕ፡ ደቀምሓረ፡ ሰንዓፈ፡ ድባርዋ፡ ሰገነይቲን ዓዲ-ኳላን ዝጠርፉ 21 ኣባላት ኣለውዎ።

## መንሱራ - ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ እወታዊ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ተሓቢሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ መንሱራ፡ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ብምስፋሕ ብቕዓት ተመሃሮ ክብ ንምባል ዝወሰድ ዘሎ ተበግሶታት፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን እወታዊ ጽልዋ ፈጢሩ ከምዘሎ፡ ነበርትን መምህራንን ገሊጾም።

መምህራን ቅድመ-ትምህርቲ ብወገኖም፡ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ንዕብየትን ብቕዓትን ቁልዑ ወሳኒ ስለዝኾነ ብዕቱብ ይሰራሓሉ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ወለዲ ድማ ብፍላይ ተኸፊቱ ዘሎ ዕድል ብግቡእ ክጥቀመሉ ኣተሓሳሲቦም።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር መሓመድ ኣሕመድ ብወገኑ፡ ኣብ 10 ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ዝተጸንበሩ 547 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 1,253 ተመሃሮ ከምዘለዉ ብምግላጽ፡ ዕድመኦም ንቅድመ-ትምህርቲ ዝኣኸለ ቁልዑ ናብ መእዲ ትምህርቲ ንምቕራብ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ መሻርኽቲ ኣካላት፡ ጸለውቲ ሰባት፡ ወለድን መምህራንን ቀሊሲ ተራ ክጻወቱ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ንኩነታት ትምህርትን ተመሃሮን እትከታተል ሓይሊ ዕማም ቈይሙ ኣብ ተሳታፍነት ተመሃሮ፡ ዲሲፕሊን፡ ቀረብ ናውቲ ትምህርቲ፡ ብኩራትን ግናይ ወልፍታትን ዘተኩረ ዘተባብዕ ስራሕ ተሰሪሑ ከምዝነበረ ብምጥቃስ፡ ኣብ ገለ ምምሕዳራት ከባቢ ዝርአ ትሑት ተሳታፍነት ተመሃሮ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ንምምሕያሹ እታ ሓይሊ ዕማም ምስ መሻርኽቲ ኣካላትን ኣመሓደርቲ ከባቢን ተወሃሂዳ ክትሰርሕ ተላብዩ።

## ከረን - ኣፍልጦ ሕጊ ንምብራኽ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ፖሊስ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ሕጊ ዘሎ ኣፍልጦን ንቕሓትን ንምብራኽ፡ ካብ 24 ክሳብ 28 ሚያዝያ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ከረንን ሓመልማሎን ንተመሃሮ ኣስተምህሮ ሂቡ።

እቲ ኣስተምህሮ፡ ተመሃሮ ኣብ ርእሲ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም፡ ብሕግን ስነ-ምግባርን ተኸሲቲሎም ንኽዓብዩን ኣብ ምክልኻል ገበን ክተሓባበሩን ዝዓለመ ምንባሩ፡ ኣዛዚ 2ይ መደበር ፖሊስ ከረን ሰርጀንቲ ብኡምነት ክብሮም ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኣስተምህሮ፡ ንራኢን ዕላማን ፖሊስ ኤርትራ፡ ስነ-ምግባር ተመሃራይ፡ ተራን ኣገዳስነትን ሕጊ ኣብ ተመሃሮ፡ ከምኡ'ውን ንእወታውን ኣሉታውን ጎድንታት ቴክኖሎጂ ዝምልከት መግለጺ ቀሪቡ።

ሰርጀንቲ ብኡምነት ኣብ መወዳእታ፡ ተመሃሮ ኣብ ምምራሕ ብሽክለታታት ዕቱባት ክኾኑን ሕግታት ትራፊክ ከኽብሩን ተላብዩ።

ተመሃሮ ብወገኖም፡ ከም'ዚ ዝበለ ኣስተምህሮ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ስለዝኾነ ቀጻልነት ክህልዎ ተማሕጺኖም።

## ማእከል - ኣብ መንጎ ተመሃሮ ፍልጠት-ጠቀስ ውድድር ተኻይዱ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብቕዓት ተመሃሮ ክብ ንምባል ብመልክዕ ውድድር ዝውድቦ ትምህርታዊ መደባት ጽቡቕ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

እዚ ዝተገልጸ፡ ብ25 ሚያዝያ ብደረጃ ዞባ ኣብ መንጎ ዕዉታት ተመሃሮ ሸውዓተ ንኡሳን ዞባታት፡ ፍልጠት-ጠቀስ ውድድር ኣብ ዝተኻየደሉ'ዩ።

እቲ ብቛንቋታት ትግርኛን እንግሊዝን ዝተኻየደ ውድድር፡ ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ተመሃሮ ዝተሳተፍዎ ኮይኑ፡ ኣብ ሓሙሽተ ዓውድታት ትምህርቲ ዘተኩረ'ዩ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ትምህርትን ወለዲን ዝተሳተፍዎ ልዑል ናይ ምውድዳር መንፈስ ዝመልኦ ውድድር፡ ብበዓውዱ ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ መንጎ 21 ተመሃሮ መባእታ፡ ማእከላይን 2ይን ደረጃ ዝተኻየደ ቅጽበታዊ ውድድር ስእሊ፡ ብቕዓት ተሳተፍቲ ዘማዕበለን ኣተባባዒን ምንባሩ፡ ኣካየድቲ ገሊጾም።

ዜና

# ዓዲ ተከሌዛን - ምርኢት መጽሓፍቲ ተኻዪዱ



ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን፡ ብ30 ሚያዝያን 1 ግንቦትን ምርኢት መጽሓፍትን ምህዞን ሰንዓን ተኻዪዱ።

ዕላማ ናይ'ቲ መደብ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ኣብ ተመሃሮን መንእሰያትን ድማ ብፍላይ ዝለዐ ናይ ምንባብ ምምሃዝን ክእለትን ብቕዓትን ንምዕባይ፣ ከምኡ'ውን ዘንብሉዎምን ክእለቶምን ንምልላይ ምዃኑ ዝሓበረ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ንርኣዮ ረዘነ፡ እቲ መደብ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ንኻልኣይ ግዜኡ ይካየድ ከምዘሎን ምስ ዝሓለፈ ዓመት ብምንጽጻር ቍጽሪ ተዓዘብቲ ከምዝወሰኸን ገሊጹ።

ሓላፊ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር ሰለሙን ጸጋይ ብወገኑ፥ እቲ መደብ ንኽሕደሉ መንእሰያት ናይ ምንባብ ባህሊ ክህልዎም፣ ወለዲ ድማ ነቲ መደብ ብቐረባ ክከታተልዎን ክድግፍዎን ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ምርኢት ብቐረባ ዝደለኻዮ መጽሓፍ ብርትዓዊ ዋጋ ንኽትረኽብ ሓጊዙ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ዝያዳ ክምዕብልን ቀጻልነቱ ክውሓስን ተላብዮም።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ሎሚ ዓመት 6ይ ቅኑ ምርኢትን መሸጣን መጽሓፍቲ ከምኡ'ውን 3ይ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን ይካየድ ኣሎ።

# እምኒሓይሊ - ብሞያ ዝሰልጠኑ መንእሰያት ተመሪቖም

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብሞያ ክሰልጥኑ ዝጸንሑ 245 መንእሰያት፡ ብ28 ሚያዝያ ተመሪቖም።

እቲ ብኽልሰ-ላሳብን ግብርን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ስጉጻዊ ጸገራ ርእሰ፡ ቀዳማይ ረዲኤት፡ ምሕደራን መሪሕነትን ከምኡ'ውን ትልሂት ዘጠቓለለ'ዩ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ሽዊት ወልዳይ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ 1,109 መንእሰያት ብዝተፈላለየ ሞያታት ሰልጢኖም ከምዝለዉ ሓቢሩ።

ግዚያዊት ኣመሓዳሪት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ትርሓስ ፍቓዱ ብወገና፡ ተመረቕቲ ንዝቐሰምዎ ሞያ ኣብ ግብሪ ብምውዓል መሓብሮኦም ከመሓይሹን ክጠቕሙን ክጸልዉን ኣብርቲዖም ክሰርሑ ኣዘኻኺራ።



# ማእከል ጥዕና ዓሪታይ፡ ዝምስገን ኣገልግሎት ትህብ ምህላዋ ተሓቢሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃበሮ እትርከብ ማእከል ጥዕና ዓሪታይ፡ ኣብ ክትትል ሕርስን ጥንስን ብሓፈሻ ሕርሲ ኣብ ትካላት ጥዕና ድማ ብፍላይ ዝምስገን ኣገልግሎት ትህብ ከምዘላ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ናይ'ታ ማእከል ጥዕና - ተሓጋጋዚ ነርስ መሓመድ መሓመድ-ዓሊ፡ ኣብ 2025 ኣብ'ታ ማእከል ናይ ዝሓረሳ ኣደታት ቍጽሪ ካብ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ብ5 ሚእታዊት ኩብ ከምዝበለ ብምጥቃስ፡ ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ናይ 2026 እውን 123 ኣደታት ብሓገዝ ሞያውያን ከምዝሓረሳ ገሊጹ።

እዚ፡ ፍረ ናይ'ቲ ብቐጻሊ ዝካየድ ጎስጓሳት ምዃኑ ጠቒሱ ድማ፡ ብዝለዓለ ከምዝድፋኣሉ ኣነጺሩ።

ማእከል ጥዕና ዓሪታይ፡ ንነበርቲ ግልምዐ፡ ማይ-መሌሕ፡ ዒንሓሪሽ፡ ኣፍ-ኣድር፡ መልመለትን ዓሪታይን ኣገልግሎት ትህብ።

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

# ማሕበራት ኣልማዕቲ ጀራዲን ፎርቶ ሳዋን ተሰነይን ፍርያቶም ንምዕባይ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ፎርቶሳዋን ተሰነይን ብማሕበር ተጠርኒፎም ኣሕምልትን ፍረታትን ዘልምዑ ሓረስቶት፡ ብ24 ከምኡ'ውን ብ28 ሚያዝያ ገባኤ ብምክያድ፡ ፍርያቶም ብምዕባይ ዘቤታዊ ጠለብ ንምምላእ ኣብርቲዖም ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ማሕበር ኣልማዕቲ ጀራዲን ንኡስ ዞባ ፎርቶሳዋ 4ይ ገባኤ፣ ማሕበር ኣልማዕቲ ጀራዲን ንኡስ ዞባ ተሰነይ ድማ 7ይ ገባኤ ኣብ ዘቃንዐሉ፡ ኣቦ-መንበር ማሕበር ኣፍረይቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ዞባ ጋሽ-ባርካ ሓጅ ዳውድ ሓጅ ማሕሙድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሓረስቶት ብዘተናጸል ዘካይድዎ ጻዕሪ ወጽኢታዊ ስለዘይኮነ፡ ብደረጃ ዞባን ንኡስ ዞባን ማሕበራት ብምምስራት ክሰርሑ ኣተሓሳሲቡ።

ኣቦ-መንበራት ክልቲኡ ማሕበራት ብወገኖም፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝተጠርነፉ ሓረስቶት፡ ንባህርያዊ ጸገማትን መድረኻዊ ሕጽረታትን ብዓሂም ዘቤታዊ ጠለባት ኣብ ምምላእ ዘይነዓቕ ኣስተዋጽኦ ይገብሩ ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ንጥፈታት ማሕበር ዝሓይል ስልጠናታት ክውሃብ ኣዘኻኺሮም።

ኣመሓደርቲ ናይ'ተን ንኡሳን ዞባታት ድማ፡ ሕጽረት ነዳዲ፡ ዘይውሕሉል ኣጠቓቕማ መሬት፡ ጨዋምነት ሓመድን ማይን ዘይምቕኻእ ዕዳጋን ካብ ዓበይቲ ብድሆታት ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ሓረስቶት ጾሓዮዊ ጸዓት ክጥቀሙ፡ ባህርያዊ ድኹዕን ምቅይያር ዘራእትን ክዘውትሩ፡ ከምኡ'ውን ከመሓድርዎ ዝኽእሉ ሰፍሓት ክልምዑን ናይ ምህርቲ ወቕቲ ክሕልዉን መኺሮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ዕድመ ናይ'ተን ማሕበራት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ዕዳጋታት ዝቐርብ ዘሎ ኣቕርቦት ዘይት ከምዘይብሉ ብምጥቃስ፡ ኣልማዕቲ ጀራዲን ንኣፍራይነት ካብ ዝዕንቅፉን ኣዋጅ ምሕደራን መዓላን ማሰኖኣዊ ሕርሻ ካብ ዝጥሕሱን ተግባራት ክሕለቡ ኣተሓሳሲቡ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | መደብ መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዶክመንታሪ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:40 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 16:25 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ (ድግማ) |
| 18:25 | መደብ ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቆልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሪፖርታዥ

# "ብሉጽነት ሰብ-ሞያ ፋርማሲ ብምዕባይ፡ ውሕስነት ጥዕና ነረጋግጽ"

ሱሌማን ኣሕመድ



ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኤርትራ፡ "ብሉጽነት ሰብ-ሞያ ፋርማሲ ብምዕባይ፡ ውሕስነት ጥዕና ነረጋግጽ" ብዝብል ቴማ ካብ 1 ክሳብ 2 ግንቦት 2026 መበል 19 ስሩ-ፍልጠታዊ ዋዕላን መበል 20 ሓፈሻዊ ጉባኤን ኣብ ኣስመራ - ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣቃኒዑ፡፡



ኣብቲ ብ1 ግንቦት ዝተኻየደ መበል 19 ስሩ-ፍልጠታዊ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ማሕበር ኣቶ ኣብርሃ ጉብረ ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ ሞያ ፋርማሲ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ዘለዎ ዕዙዝ ኣገዳስነት ድሕሪ ምዝርዛር፡ ብሉጽነት ፋርማሲ፡ ኣንጠጢኻ ዝርከብ ዘይኮነ፡ ቀጻሊ ጻዕሪ ዝሓትት ሞያ ምዃኑ፣ ኣብ ሆስፒታል፡ ኣብ ኮማዊ ፋርማሲ፡ ኣብ መጽናዕታዊ ቤተ-ምርምር ይኹን ኣብ ምክልኻል ኣካላዊ ጥዕና ዘለዎ ተራን ኣገዳስነትን ልዑል ከም ዝኾነ ኣስሚሩሉ፡፡

"ፋርማሲስት፡ ሕማም ንምልላይ ዝግበር መርመራን ተሓካሚ ናብ ንቡር ጥዕና ንምምላስን ከም ድልድል ኮይኑ ዘሳግር ብሉጽ ሞያ እዩ" ዝበለ ፕረዚደንት ማሕበር ኣቶ ኣብርሃ፡ ጽልዋ ክሊኒካዊ ብቕዓቱ ኣብ ሕብረተሰብ ምስ ወረደ ዚያዳ ጎሊሑ ከም ዝርአ ኣገንዘበ፡፡

ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኤርትራ፡ ሞያዊ ብቕዓት ኣባላቱ ንምዕባይ ቀጻሊ ናይ ትምህርትን ዙተን መድረኻት ከም ዝኸፍት ከምኡ'ውን ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ውሑስን ርትዓውን ኣጠቓቕማ መድሃኒት ንምዕባይ ሰፊሕ ሸፈነ ዘለዎ ጎስጓሳት ከም ዝገብር ብዝተወሳኺ ኣብሪሁ፡፡

ፕረዚደንት ማሕበር ኣቶ ኣብርሃ ቀጺሉ ዕላማ ናይ'ቲ ጉባኤ፡ ንኣባላት ማሕበር ክፉት ናይ ምብህሃል መድረኽ ብምፍጣር፡ ኣብ መዳይ ሕክምና ብሓፈሻ ኣብ ሞያ ስሩ-መድሃኒት ንዝተመዝገቡ ገስጋሳት ደማ ብዕምቈት ንምዝታይን ተመኩሮ ንምልውዋጥን ባይታ ዝኸፍት ምዃኑ ሓቢሩ፡፡

ኣብቲ ዝተኻየደ ስነ ፍልጠታዊ ዋዕላ፡ ዓቕምን ብቕዓትን ሞያ ፋርማሲ ንምፍታሽ ናይ ምብህሃል መድረኽ ክኸፍቱ ዝኽእሉ፡ ብምኩራት ሰብ ሞያ ጥዕናን ንኣሽቱን ኣባላት ናይቲ ማሕበርን ዝተዳለዉ ሓያሎ መጽናዕታዊ ጽሑፋት እዮም ቀሪቦም፡፡

ፈለማ፡ "ተጠቃምነት 'ፓራሲታሞል' (ፈውሲ ቃንዛ) ኣብ እዋን ጥንሲ፡ ኣብ ዕሸል ክወርዶ ዝኽእል ጥዕናዊ ሳዕቤንን ተኽእሎታት ኦቲዝምን" ብዝብል ኣርእስቲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ዘቕረበ፡ ካብ ሃገራዊ ቁጽጽር መድሃኒትን መግቢን ሚኒስትሪ ጥዕና ዶክተር ሙልጌታ ርእሶም እዩ፡፡

ዶክተር ሙልጌታ ርእሶም፡ ፓራሲታሞል ቃንዛ ንምህዳእ ተባሂሉ ዝኾነ ሰብ እንተላይ ነፍሰጾራት ብብዝሒ ዝወስድኦ መድሃኒት ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ሕክምናዊ ምርምራት ኣብ መንጎ እቲ መድሃኒትን ኣብ ነፍሰ-ጾር ዘወርዶ ሃሲያን፣ ዓለማዊ ሕክምናዊ ውድባት ዝሀብኦ ርእይቶታት፣ ከምኡ'ውን ሰብ ሞያ ፋርማሲን ሓካይምን ካብኡ ክረኽብዎ ዝኽእሉ ምኽሪ ዕላማ ብምግባር እዩ ኑቲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ኣቕሪብዎ፡፡

እቲ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝተኻየደ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ኣተኩሩ ብዶክተር ሙልጌታ ዝቐረበ ጽሑፍ፡ ነፍሰ-ጾርን ፓራሲታሞል ምውሳድን ምስ ኦቲዝም ቀጥታዊ ምትእስሳር ከም ዘይብሉ፡ ይኹን'ምበር ኣብ ምዕባለ ሓንጎል ናይቲ ኣብ ማህጸን ዘሎ ዕሸል ጽልዋ ከም ዘለዎ ዝሕብሩ ሕክምናዊ መጽናዕትታት ከም ዝተረኽቡ ጠቒሱ፡፡

በዚ መሰረት፡ ኣብ ሃገርና ነፍሰ-ጾራት ፓራሲታሞል መድሃኒት፡ ብትእዛዝ ሓካይም ኣብ ዘድልየሉ እዋን ጥራይ ክወስዱ ከም ዘለወን ኣብ መወዳእታ ዶክተር ሙልጌታ ተላቢዩ፡፡

ቀጺሉ፡ "ብውሽጣዊ ዓቕሚ ዝካየድ ክለሳ ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒት" ዝተኮረ መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ ብፋርማሲስት ኑሩ ዓብዱ ካብ ጨንፈር ኣገልግሎት መድሃኒትን ናውቲ ሕክምናን ሚኒስትሪ ጥዕና እዩ ቀሪቡ፡፡

ፋርማሲስት ኑሩ ኣብ ዘቕረቦ ጽሑፍ፡ ሕሉፍ ታሪኽ ከም ዘመልከቶ፡ ውሱን



ስእሊ. ሳልሕ ዓብደልቃድር

ምንጪ. ወይ ሃብቲ፡ ውዒሉ ሓዲሩ ደገኣዊ ተኽኢካዊ ሓገዝን ተመርኲስካትን ከም ዝሓትት፣ እዚ ድማ ኣብ ውሽጣዊ ስራሕ ፋርማሲን ካልእ ሕክምናዊ ንጥፈታትን ናይ ግዜ ምምጣጥ፡ ዘይምስትኽኻልን ካልእ ጸገማትን ከም ዝፈጥር ብምምልካት፡ ኣብ ሕክምናዊ መዳይ ርእሱ-ምርኮሳ ምህላው ኣገዳሲ ሹቶ ምዃኑ ኣስሚሩሉ፡፡

ንሱ ብተወሳኺ፡ ኣብ ሃገርና ካብ ብረታዊ ቃልሲ ዝጀመረ፡ ኣብ ጉዳይ ፋርማሲን ምድላው መድሃኒትን ክካየድ ዝጸንሐ ሓያል ጻዕሪ ካብ ተመርኲስካ ንምእላይ ዘተኮረ ምዃኑ ድሕሪ ምብራህ፡ ይኹን'ምበር ካብ ተኽኢካዊ ጸግዕተኛ ናብ ፍጹም ርእሰ ምርኮሳ ንምስጋር ዝነድለና ዕማማት ከምዘሎ ኣቢቲ መጽናዕታዊ ጽሑፉ ኣነጺሩ፡፡

ኣብ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝርአ ሕማም ውጽኣት፡ ብዘወርዶ ናይ ሞት መቕዘፍቲ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝስራዕ ኮይኑ፡ 18 ሚእታዊት ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዕድመ ንዝርአ ሞት የጠቓልል፡፡ መብዝሕትኡ'ውን እቶም ዝስዕቡ ናይ ሞት መቕዘፍቲ፡ ሰብነት ንምጥላል ብኣፍ ብዝወሃብ ፍወሳ ብቐሊሉ ክእለዩ ዝኽእሉ ምዃኖም እዮም ሕክምናዊ ጸብጻባት ዘመልክቱ፡፡ 'ኦ.ኣር.ኤስ' (ORS)፡ ድርቀት ሰብነት ብምእላይ ሕማም ውጽኣት ንምፍዋስ ብዘለዓለ ዘገልግል ውጽኢታዊ ፍወሳ እዩ፡፡ ብቐሊሉ ክርከብን ክዓሎን ዝኽእል ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ብዙሕ ዋጋ ዝሓትት'ውን ኣይኮነን፡፡

ፋርማሲስት ጉብረመድህን ተስፋማርያም ካብ ሆስፒታል ደቀምሓረ፡ ነዚ ብዝምልከት፡ "ገምጋም ኣብ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ህጻናት ዝርአ ሕማም ውጽኣትን ምሕደርኡን፡ ንምፍዋሱ ዝግበር ወሰኑቲ ረቛሒታትን" ብዝብል ኣርእስቲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ እዩ ኣቕሪቡ፡፡

ንሱ፡ ንሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፡ ከምኡ'ውን ዝባውያን መወከሲ ሆስፒታላት መንደፈራ፡ ከረንን ጊንዳዕን ማእከል ብምግባር እዩ ኑቲ መጽናዕቲ ኣካይድዎ፡፡

ፋርማሲስት ጉብረመድህን ኣብቲ ዘቕረቦ መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ ውጽኣት ኣብ ህጻናት ሞት ከስዕብ ዝርአ ንድርቀት ሰብነት ስለ ዘቃልዕ ብምዃኑ ድሕሪ ምድምዳም፡ ንምፍዋሱ ጸረ-ታህዋሲያን መድሃኒት ምውሳድ ኣገዳስነት ከም ዘይብሉ ኣነጺሩ፡፡

ካብቶም ናብዚ መወከሲ ሆስፒታላት ዝተመላለሱ፡ ነዚ መጽናዕታዊ ጽሑፍ'ዚ ዝተሓርዩ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ህጻናት፡ እቶም 90.9 ሚእታዊት ከቢድ ሕማም ውጽኣት ዝነበሮም ኮይኖም፣ ካብዚኦም'ውን እቶም 56.2 ሚእታዊት ህጻናት ዘዩቋርጽ ቀጢን ቀልቀል፡ እቶም 14.8 ሚእታዊት ደም ዝተሓወሶ ውጽኣት፡ እቶም 31.3 ሚእታዊት ድማ ብሰንኪ ካልእ ሕማማት፡ ከም ጉንፋዕ፡ ኒሞንያን ብጉድለት ኣመጋግባን ብሕማም ውጽኣት ዝተጠቕዑ ምንባሮም እቲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ የመልክት፡፡

ብመሰረት እቲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ 84.7 ሚእታዊት ካብ'ቶም ህጻናት (100 ሚእታዊት ክበጽሕ ዝግብኦ) "ኦ.ኣር.ኤስ" ዝወሰዱ፡ 48.3 ሚእታዊት ድማ 'ዚንክ' (ኑቲ ውድብ ጥዕና ዓለም ዝሀቦ ምሕጽንታ ዝጸረር ምዃኑ እዩ) ዝተዋህቦም፡ ብውሕዱ ሓንሳብ ጸረ ታህዋሲያን ዝወሰዱ ቁጽሪ ህጻናት ድማ 73 ሚእታዊት (ካብዚ እቶም 41,5 ሚእታዊት ኣድላይነት ዘይነበሮም) እዮም፡፡

ኣብ መወዳእታ ፋርማሲስት ጉብረመድህን፡ ነዚ ዝርአ ዘይቅኑዕ ኣገባብ ፍወሳ ንምእላይ፡ ኣብ ኣለይቲ ሕሙማት ግቡእ ምኽትታል ክግበርን ዓቕሞም ንምሕያል ዝሕግዝ ቀጻሊ ስልጠናታት ክወሃብን፣ ዘጽድሊ ጸረ-ታህዋሲያን መድሃኒት ካብ ምሃብ ምቑጣብ፣ ኑቶም ሕሙማት ኣብ ምምጋብ፡ ኣብ ምጥላልን ጽሬቶም ኣብ ምሕላውን ዝተሓጋገዙ ኣለይቲ ዓቕመን ምዕባይን ምትብባዕን ካልእን ዝብሉ ለበዋታት ኣመሓላሊፉ፡፡

ኣብቲ ዋዕላ፡ ርትዓዊ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ጸረ-ታህዋሲያን ብዕድመ ኣብ ዝደፍኡ ዜጋታት፣ ጠንቂ ረኽሲ ዋሕዚ ደም ኮይኖም ዝጥቀሱ ሕማም ዘስዕቡ ባክተርያ፣ ተጻዋርነት መድሃኒት ጸረ-ታህዋሲያን፣ ኣብ ትካላት ጥዕና ንነፍሰ-ጾር ዝወሃብ መድሃኒትን ድሕነቱን፡ ከምኡ'ውን ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ብዕድመ ኣብ ዝደፍኡ ተመላለስቲ ተሓከምቲ ዝብሉ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ቀሪቦም፡፡ ብተሳተፍቲ ናይቲ ዋዕላ ብሰፊሕ ተዘቲዩሎም፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ፋርማሲስት ሃገርና ኣብ ዘካይድዎ ዕማም ምሉእነት ክህልዎም ዘድልዩ ረቛሒታት ንምግንዛብ ዘኽእል ሓባራዊ ዘተ ተኻዩዱ፡፡ ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቶም ዝቐረቡ መጽናዕታዊ ጽሑፋት፡ ንምዕባይ ሞያዊ ዓቕሚ ፋርማሲ ዝምጥኑ ኣገደስቲ ምዃኖም ብምግምጋም፡ ንምዕባላ ናይቲ ሞያ፡ ወህደት ሰብ ሞያ ጥዕና ከም ዘድሊ፡ ንምሕያሉ'ውን ኣብ ኩሉ ዞባታት ዘማእከለ ዝምጥን መሳለጥያታት ክዋደድን፣ ሞያዊ ዓቕሚ ክዓቢ በብእዋኑ ዝካየድ ስልጠና ኣባላት ክስራሓሉ፣ ከምኡ'ውን ምርምራዊ ስርሓት ክሕይል ከም ዘለዎ ዘጽር ለበዋታት ኣቕሪቦም፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ ካብ ደረጃኦም ብሉጽ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዘቕረቡ ከምኡ'ውን ንምዕዋት ናይቲ ዋዕላ ንዘጻዓሩ ሽልማትን ናይ ኣፍልጦ ምስክር ወረቐትን ተዓዲሉ፡፡

ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኤርትራ ብ2 ግንቦት'ውን ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣካይዱ እዩ፡፡

ኣብቲ ኣብ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ዝተቓንዐ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ማሕበር ኣቶ ኣብርሃ ጉብረ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሞያዊ ማሕበር ምቛም ቀሊል ይኹን'ምበር ቀጻልነቱ ንምውሓስ ሓያልን ቡዳህን ምዃኑ ብምግላጽ፡ ማሕበር ብልዑል ወንን ሓያል ናይ ዕዮ ስሩ-ምግባርን መንእሰያት ኣባላት ከም ዝዕንብብ፣ ኩለንተናዊ ምዕባለ ንምርግጋጽ ግና ንቑሕ ተሳትፎ መላእ ኣባላት ከም ዝሓትት ኣስሚሩሉ፡፡

ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝኸየዶ ንጥፈታትን ፋይናንሳዊ ዓቕሙን ዝምልከት ጸብጻብ ድሕሪ ምቕራቡ ድማ፡ ብተሳተፍቲ ዓሚቚ ዘተን ርእይቶን ተዋሂቡ፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ 12 ዝኣባላታ ሓዳስ ኣካያዲት ቦርድ ከምኡ'ውን ኣካል ውሽጣዊ ኦዲት ተመሪጾም፡፡

ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ጥዕና ዝጥርነፍን ኣብ ወርሒ ነሓሰ 1992 ዝተመስረተን ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኤርትራ፡ ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ክኢላታት ፋርማሲ ዘጠቓለለ ማሕበር እዩ፡፡ እቲ ማሕበር ሞያዊ ብሉጽነት ንምዕባይ፣ መድሃኒት ንምድላውን፣ ንህዝቢ ጥዑይ ኣገልግሎት ንምሃብን ይሰርሕ፡፡

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ጎቦ እንክፈርስ ...

ፋርስ ዮሴፍ

ኤርትራ ምስ ጎቦ ምጽጋዕ፡ ጎቦ ከም ዘይገብረካ፡ ሓደጋ መንደረጋሕ ኣብ ዝባንካ ምኺኑ ኣቐዲማ ዘለለየቶ ሓቂ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኣምር ርእሰ ምርኩሳ፡ ህ.ግ. ካብ እግሪ ተኽሉ ብመትከል ካብ ዝዓየየሎም፡ ሓደ ካብ ዝዓበዩ ክብርታትና'ዩ።

ኣብ ቅናት ምምስራት ልኡላውነት ሃገራት ኤውሮጳ (Westphalian Order) ዝተበገሰ፡ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝዓኾኾ፡ ኣብ ጽባሕ ምኽታም ዝሑል ኩናት ድማ ዓብላልነቱ ዝኣወጀ እንኮ ምዕራባዊ ዓለማዊ ስርዓት፡ ሎሚ ኣብ ጻዕረ ሞት ከም ዝበጽሐ ዘርኢ ክስተታት እናተጋህደ ይመጽእ ኣሎ። እዚ ስርዓት፡ ኣብ ዝሓለፈ 80 ዓመታት፡ ብምስምስ ምስፋሕ ኣህጉራዊ ስነ ሓሳብ ሊበራላዊ ስርዓትን ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብን ዝልለ እዩ። እዚ ኣብ ዝሰፍሐ ክፋል ኣህዛብ ዓለምና፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ኣፍሪቃ ዝፈጠሮ ሃተምተምን ጌጋ ምስልን፡ ሓድነትን ልኡላውነትን ሃገራት ብምዝራግ፡ ዓብላልን ገባትን ዊንታኡ ከተግብር ጸኒሑ'ዩ። ኣሜሪካ ትመርሖ፡ ዓለም ካብ ዘምዝገብቶም ስርዓታት፡ 'እቲ ናይ መወዳእታ ጥርዚ ታሪኽ ዓለምና፡' እናተባህለ ክግለጽ ዝጸንሐ ስርዓት ድኣ ኣሻቡ ኣብ ምንቑልቃል በጺሑ፤ ምዕሩይ ክመስል ዝጸንሐ ኪዳን ሃገራት ምዕራብኩ፡ 'ዘይብተኸ ኪዳን' ይብሃል ከም ዘይነበረ፡ ሎሚ ሚዛናዊ ከም ዘይኮነ፡ ኣገልጋሊ ኣሜሪካ ምኻኑ እናተቓልዐ ምምጽኡ እንታይ'ዩ ዘእንፍት፤

እዚ ኩነት'ዚ፡ ምናልባት ሓድሽ ክመስል ይኽእል እዩ። እንተኾነ ተጉልቢቡ ዝጸንሐ ደኣ ኣምበር ሓድሽ ክስተት ኣይኮነን። ኣሜሪካ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ብመደብ ዝሃንደሰቶን ዝሰርሓትሉን፡ ሃገራት ካብ ኣብ ምዕሩይ ዝምድና፡ ኣብ ተጸባይነት ዝዓብለሎ ኪዳን ክጽመዳ ዝገበረን ረቂቕ መደብ'ዩ። ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ኣብዛ ሃገር ዝተፈጥረ ግዙፍን ኣኽል ተረፍን ሃብቲ፡ ናብ ዘይክማህ ሓይሊ ንምቕያሩ፡ ኣብ ቅጽበታውን ዳይናሚክያውን መስርሕ እያ ኣትያ። ነዚ ዝተፈጥረ ዕድል ውሕስነቱ ንምርግጋጽ፡ ኣብ መስርሕ ምዕብላልን ምግባትን ዓንዲ ክኸውን፡ ኣህጉራዊ ፊናንሳዊ መስርሕ ኣብ ትሕቲ ሓደ ምእኩል ምቁጽጻር ክኣቱ ተገይሩ። እዚ ብ'ነውጺ ኒክሰን' ዝፍለጥ፡ ንባጤራ ዶላር ከም ቀንዲ መሳርሕን ኣህጉራዊ ባጤራን ክኸውን'ውን ገይሩ። ኣህጉራውያን ፊናንሳውያን ትካላት፡ ስትራተጂያውያን ማእከል ኢንዱስትሪታትን መስርሕ ዓለማዊ ስርዓተ ገንዘብን ድማ ብቐጥታ ኣብ መቑሕ ናይዚ ፊናንስያዊ ዓብላልነት ድሕሪ ምውዳቑ፡ ኣሜሪካ ንቑጠባ ከም ቀንዲ ኣጽዋር ክትጥቀመሉ ኣኽኢሉዋ። ነዚ ዝተፈልየ መልክዕ ጊልያነት ንዘይትቕበል ሃገር ድማ ነዚ ኣጽዋር ብምጥቃም ብቑጠባ ናይ ምንጻል ስጉምቲ ትወስድ። እዚ ናይ ምንጻል ስጉምቲ ሃሰያኡ ዓብዩ፡ ኣብ ምንብርካኽ ብዙሓት ሃገራት ዓቢ ተራ ተጻዊቱ።



ኣሜሪካ፡ ኣብ ፊናንሲያዊ ዕብለላ ጥራይ ኣይተገትአትን። ብፍላይ ድሕሪ ዝሑል ኩናት፡ ምስ ሃገራት ምዕራብ ብምኻን ዝሰርሓትሉ ተክኖሎጂያዊ ገስጋስን መስፍሕፋሕ ዓርሞሸሽ ትካላት መድያን ንረቂቕ ሓይላ ኣበሪኹዎ'ዩ። በዚ ሓያል ኣገባብ ጽልዋ፡ ማለት ብምስምስ ምስፋሕ ኣህጉራዊ ስነ ሓሳብ ሊበራላዊ ስርዓት፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ፡ ሰብኣዊ መሰላትን ካልእን፡ መሰረታዊ ክብርታት ሕብረተሰባት ዓለም ብምዝራግ፡ ዳርጋ ኣብ ዝሰፍሐ ክፋል ዓለም ብፍላይ ከኣ ኣብ ኣፍሪቃ ዓቢ ጽልዋ ንኸህሉዎ ወሳኒ ተራ ተጻዊቱ። ነዚ ዘሳስያ ዕሱባት መልሕቓት እናፈጠረት ድማ ብማዕዶ ትቈጻጸሮ ዘይርጉእነት ኣብ ምፍጣር ዝዓበየ ስራሕ ተሰላሰል። እዚ፡ ንጉዕዞ ብዙሓት ሃገራት ኣሰናኺሉን የሰናኽል ኣሎን። ኣሜሪካ፡ ምስ'ተን ብረቂቕ ሓይሊ ከተንበርክኸን ዘይከኣለት ሃገራት'ውን፡ ምዕሩይ ዝምድና ክፍጠር ስለ ዘይምረጽ፡ ወተሃደራዊ ሓይሊ ብምሕዋስ ክትቈርነን ነዊሕ ጉዕዞ ተጓዒዛ'ያ። እንተኾነ፡ እቲ ዘይንቕነቕ ዝመስል እንኮ ዓብላሊ ዓለማዊ ስርዓት፡ ሓደ መዋእል ከይገበረ ብቕልጡፍ ናህሪ ክፈራኸሸ ይርአ ኣሎ። ናብዚ ዘብጽሖ ምኽንያታት ደኣ እንታይ'ዩ፤

ኣሜሪካ ንበይና ጥራይ ኣብ ልዕሊ 80 ሃገራት፡ ልዕሊ 750 ወተሃደራውያን መዓስከራት ደኲና ኣብ ዘላትሉ እዋን፡ ኣብ ቍጠባ እዘን ሃገራት ገዚፍ ጽልዋ ዘሎዎ ወተሃደራዊ ምምጣጥ (military overextension)፡ ተመሊሱ ጠንቂ ምንቍልቋላ እዩ ኮይኑ።

ኣብዚ እዋን፡ ወተሃደራዊ ባጀት ኣሜሪካ ናብ ልዕሊ 800 ቢልዮን ዓሪጉ ኣሎ። ሃገራዊ ዕዳኣ 36 ትሪሊዮን ዶላር ይበጽሕ። እዚ ማለት ካብ ዓመታዊ ጃምላዊ እቶታ ብ120% ዝዛይድ ኣሃዝ ማለት እዩ። ብተወሳኺ፡ ልዑል መጠን ሕታም ባጤራ፡ ብፍላይ እቲ ካብ 2020 ጀሚሩ ናብ ዕዳጋ ዝኣተወ ኣስታት 20 ትሪሊዮን፡ ኣብ ክብሪ ዋጋ ዶላር ኣሉታዊ ጽልዋ ይጻወት ኣሎ። ፖለቲካዊ ሃጓፋትን ምፍርኻሽ ኪዳንን ደሚርካ፡ ምድኻም እዚ ስርዓት ናህሩ ዛይዱ ከም ዘሎ ክንግንዘብ ዘኽእል እዩ።

ነዚ ዝጸንሐ ፊናንሳዊ መቑሕ ንምፍታሕ፡ ዓበይቲ ሃገራት ዓለም ዝተፈላለየ ኣማራጺታት ኣብ ምንዳይ ይሰርሓ ኣለዋ። ንኣብነት፡ ብዙሓት ሃገራት ዶላር ዘየማእከለ ንግዳዊ ልውውጥ ንምክያድ፡ ዲጂታላዊ ባጤራ ንምጥቃም ዝፍተን ኣማራጺ ኣሎ። ብተወሳኺ ብስም ብሪክስ (BRICS) ዝፍተን ዘሎ ብብሪክስ ብሪጅ ዝፍለጥ ኣማራጺ፡ ወርቂ ከም ማእከላይ ግምጃ ምጥቃም ወዘተ ገለ ካብቲ ዝናደ ዘሎ ኣማራጺታት'ዩ። ዋላ'ኳ ሓይሊ ናይዚ ለውጢ፡ ደፋእ ኢልካ ዝርአ እንተኾነ፡ ምብጋሱ ጥራይ ኣንፈት መጻኢ ጉዕዞ ዘተንብህ እዩ።


ኣብዚ እዋን ድማ፡ ኣንጻር ኢራን ተወሊዑ ዘሎ ጉንጺ፡ ብዘይ ምዕሩይ ቅዲ ኩናት ኢራን፡ ናይ ኩናት ቍጠባ ናብ ኣንጻር ኣንፈት ክወስዶ ንዕዘብ ኣለና። ንግዙፍ ሓይሊ ብዘይ መጣጠን ዓቕሚ፡ ታክቲካውን ስትራተጂያውን ዓወት ምምዝጋብ በቲ ሓደ፡ ምስቲ ድሮ ጽልዋ ፈጢሩ ዘሎ ወተሃደራዊ ምምጣጥ ድማ በቲ ካልእ፡ ንናህሪ ናይቲ ምንቍልቋል ዝወሰኸ፡ ፖለቲካ ነቓዕ ዝፈጠረን ኪዳን ሃገራት ምዕራብ ዘፍሸለን ኩነት'ዩ። እዚ ኩነታት ነተን ነዊሕ ግዜ ኣብ ጽላል ኣሜሪካ ክነብራ ዝጸንሓ 'መሻርኽቲ' ዝብሃላ ሃገራት'ውን፡ ኣብ ዘይርብሓሉ ኩናት ኣትየን፡ ንህላወአን ዝፍትን ዋጋ ድማ ይኸፍላ ኣለዋ። ኣብ ዝሓለፈ 35 ዓመታት፡ ብዙሓት ሃገራት፡ ብፍላይ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ጎቦ ምኻን ከም ንህዝበን ብፍጹም ዘይትዓደለ ተፈጥሮ ወሲደን ክቕጽላ ጸኒሐን እየን። ኣማስያኡ ድማ በቲ "ምስ ጎቦ ተጸጋዕ" ዝብል መርሓ፡ ምስ ሃገራት ምዕራብ ብምቅራን ንህዝበን ኣደዳ ሕሰም ገይረን እየን።

ብተመሳሳሊ፡ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ብፍላይ ድማ ሃገራት ወሽመጥ ዓረብ እውን ጃምላዊ እቶተንን ቍጠባአንን ዝድርዕ ዓርሞሸሽ ኢንዱስትሪታት ነዳድን ባህርያዊ ጋዝን ክውንና'ኳ እንተ ከኣላ፡ ካብ ምሉእ ሓርነት ሃገራት ምዕራብ ብፍላይ ድማ ኣሜሪካ ግን ሓራ ክኾና ኣይከኣላን። ሰንኮፍ ፖለቲካዊ ኣቃውማአን ካብ ተጻብኦ ከድሕነን ስለ ዘይክእል፡ ኣብ ጽላል ጸጥታዊ ውሕስነት ኣሜሪካ ወዲቐን።

ኣብዚ ሎሚ ተፈጢሩ ዘሎ ግጭት፡ ሃገራት ወሽመጥ ዓረብ ዝኸፍላኦ ዘለዋ ዋጋ ብፍጹም ምኽንያታዊ ኣይኮነን። ምስ ኣሜሪካ ምምሕዛው፡ ኣብ ረብሓ ኣሜሪካ ዋጋ ከም ዘይህሉወካ ዝበርሃሉ ኣጋጣሚ ድማ እዩ። ሓደ ካብ ዓበይቲ ልሂቃን ቍጠባ ዓለምና ዝኾነ ኣሜሪካዊ ጄፍሪ ሳክስ ካብ ዝብሎ እንርድኦ እንተ ሃልዩ፡ ምስ ኣሜሪካ ናይ ክልተኣዊ ማዕረ ዝምድና ክፍጠር ከም ዘይክኣል'ዩ። እዚ ብባህርያዊ ድሩትነት ዘይኮነ፡ በቲ ስርዓት ዋሽንግቶን ክኽተሎ ዝጸንሐ ዓንዲ ፖሊሲ ወጻኢ'ዩ። ኮይኑ ድማ ኣሜሪካ ማዕረ ረብሓ ናይ ምሕላው ፖሊሲ ሃልዩዋ ኣይፈልጥን።

ጸሓፊ ወጻኢ ጉዳያትን ኣማኻሪ ጸጥታን ኣሜሪካ ዝነበረ ፍሉጥ ፖለቲከኛ ሄንሪ ኪሲንጀር፡ "ጸላኢ ኣሜሪካ ክትከውን ሓደገኛ እኳ እንተኾነ፡ ፈታዊኣ ክትከውን ግን ቀታሊ'ዩ፡" ዝበሎ፡ ንናይ ፖሊሲ ወጻኢ ኣሜርካ ዘጕልሕ፡ ኣብዚ ኣዋን ድማ ንኾነታት ሃገራት ወሽመጥ ዓረብን ካልኦት መሓዙት ኣሜሪካን ዝምጥን ኣበሃህላ'ዩ።

ኣብ መደምደምታ ናብ መርገጺ ሃገርና ምስ እንመጽእ፡ ኤርትራ ምስ ጎቦ ምጽጋዕ፡ ጎቦ ከም ዘይገብረካ፡ ሓደጋ መንደረጋሕ ኣብ ዝባንካ ምኻኑ ኣቐዲማ ዘለለየቶ ሓቂ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኣምር ርእሰ ምርኩሳ፡ ህ.ግ. ካብ እግሪ ተኽሉ ብመትከል ካብ ዝዓየየሎም፡ ሓደ ካብ ዝዓበዩ ክብርታትና'ዩ። ኤርትራ ኣብ ቍጠባ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ሓሳብ ሓርነት ክህሉዋ እውን ተሰሪሑ እዩ። "ምስ ጎቦ ተጸጋዕ" ዝብል ጭርሖ ሒዝካ ምጕዓዝ ክህሉዎ ዝኽእል ሳዕቤን ብእዋኑ ስለ ዝተገንዘበት፡ ነዊሕን ሓርጐጽጓጽ ዝመልኦ ጕዕዞ ከም ኣማራጺ ወሲዳ እያ፡ ካብ ምምጻእ ሃገር ክሳብ ምውሓስ ልኡላውነትን ልምዓትን ብጽንዓት ክትምርሽ ጸኒሓ።



ካብ መሰረቱ፡ ቃልሲ ሓርነት ህዝቢ ኤርትራ እውን ኣብ ቍጽራዊ ቅማረ ገዛኢ ሓይልን ናይ ወጻኢ ደገፍቱን፡ ክዕወት ዝግመት ኣይነበረን። ባህሪ ህዝብን መስርሕ ሓርነታዊ ቃልስን ዝፈጠሮ ክውንነት ግን ናጽነት ኣበሲሩ። ካብ ሃተምተምን ጌጋ ምስልን ናይዚ ዓብላሊ ዓለማዊ ስርዓት ናጻ ዝኾነት ሃገር ብምምስራቱ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ሓደ ዓለም ቀንዲ ስግኣት ኮይኑ እዩ። ኣብ እዋን ናጽነት ዝተፈጥረ ሓድሽ ዓለማዊ ሃዋህውን ተጻብኦን ክሰግር፡ ኣብ ግዜ ቃልሱ ዝተጠቐመሉ ማሕበራዊ ቅማረ ዳግማይ ሰረት ገይሩ፡ ብትብዓት ደው ኢሉ፡ ሓድነቱን ህላወኡን ከውሕስ፡ ክቃለስ ናይ ግድን ኮነ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ህላወኡ፡ ልኡላውነት፡ ሰላሙን ስኒቱን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከእቱ ኣይመረጸን፣ ድሕሪ ክሳራ ዝትካእ ክብርታት ስለዘይኮነ። ጕዕዞ ቃልሱ ቀጺሉ። ናይ ምዕራብ ዓባላሊ ፖሊሲ ዝጻረር፡ ርእሰ ምርኩሳን ክልተኣዊ ሽርክናን ዝኣምን መትከል ህ.ግ. ንዓለም ሓደገኛ ብምኻኑ፡ ኤርትራ ንምንብርካኽ ዝተተመነ ፈተነታት ካብ ቍጽራውን ስነ ፍልጠታውን ግምታት ወጻኢ፡ ኪንዮ ወድዓዊ ተርእዮ ሕማማዊ እዩ ነይሩ። ኣብዚ እንኮ ዓብላሊ ዓለማዊ ምዕራባዊ ስርዓት የብቅዓሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ምንብርካኽ ህዝቢ ኤርትራ ግን ዘይከኣል ምኻኑ ግሁድ እናኾነ መጺኡ'ዩ። ተንበርካኽነት ዘምጽኦ ሳዕቤን ንርእዮ ካብ ሃለና ድማ ኣብ መትከልና ክንምርሽ ዘይንወላወለሉ ሕርያ'ዩ።



ህዝቢ ኤርትራ፡ ህላወኡ፡ ልኡላውነት፡ ሰላሙን ስኒቱን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከእቱ ኣይመረጸን፣ ድሕሪ ክሳራ ዝትካእ ክብርታት ስለዘይኮነ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲት ወ/ሮ ሰናይት ተኽለይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መሓሪ ግደ ብጵምት፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ን21/5/26 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ 7ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ኤልሳ ርእሶም ሃብተሚካኤል፡ ሓፍትና ሰበ ርእሶም ሃብተሚካኤል ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ 1መዋትን 5 ተተካእቲ ደቁን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዒድ

መሓመድ ፈረጅ ዐመር ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ፈረጅ ዐመር ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/5/26 ኣብ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሳልፈር ዘርኢሃይማኖት ምባል ተረፉ፡ ሰፊር ዘርኢሃይማኖት መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ሃብታይ ኣብድ ቀላታ፡ ብዓልቲ ቤተይ ደመት ባዩርኡ ሓድጉ ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 18/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኤርጊ ሚከኤል ጆርጅ፡ ወላዲየይ ሚከኤል ጆርጅ ብላሲ ስለዝዋረረ፡ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሮሞዳን መሓመድ ኣደም ምባል ተረፉ፡ ሮሞዳን መሓመድኣደም እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኣሕመድ ሓምድ መሓመድ ሓማድ ምባል ተረፉ፡ ኣሕመድ ሓምድ መሓመድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣቶ ደበሳይ ጉብረሂወት ገብረመስቀል፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ንግድን ቴክኖሎጂን ስልጠና ንግዳዊ ትካሎም፡ "ሻም ንግድን ቴክኖሎጂን ማሰልጠኒ ማእከል" (SHAM BUSINESS & TECHNOLOGY TRAINING CENTER) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቀድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም ዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣ ንግዲ

---

ወ/ሮ ብልሂ ተስፋይ ገብረኣምላኽ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ሃለኽቲ ኣቕሑትን ስጋን ንግዳዊ ትካለን፡ "ንህምያ ግሮሰሪ" (NEHMIYA GROCERY) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቀድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም ዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣ ንግዲ

---

ኣቶ ሬድዋን ሓሰን ዓብደላ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ቤት መግቢ ንግዳዊ ትካሎም፡ "ማኢዳ ቤት መግቢ" (MAEDA RESTAURANT) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቀድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም ዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ብስም ሃማሙተኤ ዞባ ዓንሰባ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋረን ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ዝርከብ ናይ መዕረፊ ኣጋይሽን ቁርስን ትካለይ፡ ንኣቶ ዳንኤል ወልደየሱስ፡ ኣድራሻ ከረን ክ4 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ኣመልካቲ ሃማሙተኤ ዞባ ዓንሰባ
ሕጋዊ ወኪል ተስፋብርሃን ዓንደብርሃን

---

ኣመልካቲ ኣቶ ኣብርሃም ገብረሚካኤል ብርሃ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ምምሕዳር ከባቢ ኣልጌን ዚፕ ኮድ 1A179 ጎደና ዳህላክ ፕሎት 11T ፓርስል AH ስፍሓቱ 250.00 ት/ሜ ኣብ ካዳስተር ብቑ.ንብረት 1BRASM 005917/0 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ ክፋል ናይዚ ገዛ 125.28 ት/ሜ 3 ቀንዲ ክፍሊ 3 ተሓጋጋዚ ዘለዎ፡ ካብ ኣቶ ቶምስ መንገሻ ወልደጊዮርጊስ ስለዝገዝኣክዎ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘየለ ግና ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ኣብርሃም ገብረሚካኤል ብርሃ

---

ኣቶ ኣማኑኤል ኣርኣያ ተስፋይ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ሃለኽቲ ኣቕሑት ንግዳዊ ትካሎም፡ "ፍረወይኒ ሱፐርማርኬት" (FREWEYNI SUPERMARKET) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቀድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም ዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣ ንግዲ

---

ወ/ሮ ስለማዊት ካሕሳይ ተስፋዝጊ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ቤት መስተ ንግዳዊ ትካለን፡ "ባር ኣለማሽ" (BAR ALEMASH) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለ ዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቀድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም ዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣ ንግዲ

---

ብስም ከውሰር ዓውድ ዓብደላ ዝተመዝገበ፡ ብቑ/ፍ.ዋረን KEL00011335 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ዝርከብ ናይ ድኳን ትካለይ፡ ንኣቶ ስራጅ መ/ድ ሰዒድ፡ ኣድራሻ ከረን ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ከውሰር ዓውድ ዓብደላ
ኢብራሂም ዓውድ ዓብደላ

---

ካብ ኣውራሲ ነ/ፍ ኑር ኣሕመድ ከሊፋ፡ ናብ ወረስቲ ወ/ሮ ፈራሕ ዓብደልሓኪም ምስ 4 ደቆም 1.ይሕደጋ 2.ስዕዲ 3.መርየም 4. ዓብደልወሃብ ተመሓላሊፉ ዝተዋህበ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ረእሲ በራኺ (ማይ ሉሓም) ቁ.ገዛ 50 ብግ/ምስ/ዋንነት/ኣባይቲ ከተማ ቁምስ ወረቐት 108906 መወከሲ ቁ.116849፡116850 ዝተመዝገበ ዋና (ኦርጅናል) ሊብሬቶ ስለዝጠፈኣ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣሎኹ ዝብል እንተሎ፡ ብቑ.ተሌፎን 07147864 እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ክሕብረና፡ እንተዘይኮይኑ ግና ካብ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት መተካእታኡ ክወሃበና ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ዓብደልወሃብ ኑር ኣሕመድ

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 01ዞን 01 ፕሎት 16 ብመለለዪ ቁ.ንብረት 6፡ 000181/3 ዝተመዝገበ፡ ስፍሓቱ፡ 165.84 ት/ሜ ዝኾነ፡ ኣብ ልዕሊኡ 4 ክፍሊ፡ 1ክሽነ፡ 2 ዓይኒ ምድሪ ምስ መካዘኒያ ዘለዎ፡ ብስም ሳራ ኣስገዶም ዘርእሰላሴ ዝተመዝገበ፡ ምስ 1ሓወይ ብሀያብ ዝበጽሓና፡ ናብ ስምና ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ሰናይት ሓድጉ የውሃንስ +1

---

ንሕና ወረስቲ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገዛ ጣንዳ ጎደና ፋራሲግ ቁ/ገዛ 71 ፕሎት AST00001064-284 ፕሎት 224 ፓርስል ASP00024241- E ስፍሓት መሬት 383.00 sq.me ቁ/መዝገብ 019476 ዚፕ ኮድ 1A756 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብስም ነ/ሄርት ኣበባ ገብረእግዚኣብሄር ተስፋ ብውርሻ ናብ ስምና ክንመሓላለፍ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር፡፡

ተጋ/ ሃብተጋብር ገብረእግዚኣብሄር ተስፋ+4

---

ኣብ ዞባ ማእከል ብናይ ቀደም ኣጸዋወዳ ዞባ 5 ምም/ 01 ጎደና ቀኛ/ ሰለባ ወልደየሱስ፡ ቁሎታ 76 ቁ. ፓርቸላ L ብ ቁምስክር ወረቐት 115272 መወከሲ ቁ. 138755/56 138758፡ 6 ቀንዲ ክፍሊ 9 ተሓጋጋዚ ክፍልን ዝተደኮነ ሽሊታ፡ ብስም ወረስቲ መርየም ዐብይድ ባዓልቲ ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ ዓሊ ባዓልቲ ምስ 3 ወረስቲ 1.ፍትሒ መሓመድ 2.ረቂያ ኣሕመድ 3. ኑር ኣሕመድ ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብክዎ ናይ ረቂያ ኣሕመድ ብጽሒት ስለዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ከሰጋግር ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኳይኑ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተራልን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ፡ እንተዘይቀረበ፡ ኦርጅናል ሰነዳተይ ብምሓዝ ጉዳየይ ከውድእ ምዃነይ እሕብር፡፡

መካኝ ተኽለሃይማኖት

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

የሳን ኣለም ኣብርሃም፡ ኣቦና ኣለም ኣብርሃም በርሀ ስለዝዓረፈ፡ ንወላዲትና ትብርህ ኢሳቅ ኣርኣያ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ሂሩት ርእሶም ልጃም፡ ብዓል ቤተይ ጉብረሂወት ጸገዘኣብ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

በርሀ ክፍለ ዘራጸዮን፡ ኣቦይ ክፍለ ዘርኣጸዮን የውሃንስን ሓፍትና ይሕደጋ ክፍለ ዘርኣጸዮንን ስለዝዓረፋ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ፡፡

ኢብራሂም መሓመድ ዓብደ ምባል ተረፉ፡ ኢብራሂም መሓመድዓብደላ ሱሌማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዳንኤል ወልደየውሃንስ ኩሓሰ፡ ወከል ሚከኤል ተስፋይ ጉብረትንሳኤ፡ ወላዲና ኮሎ/ ወልደየውሃንስ ኩሓሰ ወልደገርጊስ ስለዝዓረፈ፡ንወ/ሮ ሳባ ጎይትኦም ዑቕባሚካኤል ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ሰናይት ተኽለ ኣስፍሃ፡ ስም ኣደይ መድህን ተኽለ ፍስሃ ምባል ተረፉ፡ መድህን ጉብረእግዚኣብሄር ፍስሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዒድ

ኣመልካቲት ዘቢብ እምባዩ ተጸዋዒ ተኽሊት ተስፋስላሴ ፍረው፡ ናይ ሞግዚት ይወሃበኒ ምልክታ ኣቕሪባ ስለ ዘሎ፡ ን21/5/26 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

ኣደም ዓሊ ዕመር ምባል ተረፉ፡ ኣደም ዓሊ ዓምር ከምኡ'ውን ቤረም ዓሊ በኺት ምባል ተረፉ መይረም ዓሊ በኺት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኑራ የሱፍ ሱሌማን፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ጓለይ መና እድሪስ ዑሱ ምባል ተረፉ፡ ቀንዴል ፍጹም ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---


### ብስራት ንተማሃሮን ወለድን

1. Apple English for Primary School Students and beyond
2. ZAKI English for Junior Students and beyond (2nd - edition)
3. Fundamentals of English - Reference book for Secondary School Students and beyond (2nd – edition)

Note: the above books have Grammar Notes and detailed related exercises and Revision questions

4. Peacock English- English –Tigrigna Dictionary V-2 for all users
5. Nelson Mandela's Life History – Translation (Small book)

እዘን ካብ 1-3 ተዘርዚረን ዘለዋ መጻሕፍቲ ንናይ መባእታን ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ተማሃሮ ብፍላይ ድማ ንተፈንቲ ሃገራዊ መርመራ ናይ

8ይ ክፍሊ ን ማትሪክ ተፈተንትን የገልግላ፥፡ ኣብ ኩለን ቤት መሸጣ መጻሕፍቲ ተዘርጊሐን ኣለዋ ፡፡ ኣንብብወን ተጠቐሙለን፡፡

Author: Zaid Kidane Teklehaimanot

Mobile: 07 16 27 82




# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

**1. Position: OHL MV Electrician**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Process Plant-Maintenance**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Maintains and repairs Electrical equipment, appliances and Infrastructure in the Process Plant. The Electrician will maintain or install Infrastructure for medium voltage, from (110Vac up to 22kV). Trains and guides National electricians on HV/MV systems.
- Responsible person on site to perform transformer maintenance, extend 22kV and 6.6kV OHL and follow a program of installing gang switches to segregate spur of lines as needed. Investigate and correct recurring issues such as clamps and install insulated cable in areas prone to bird strikes and other initiatives to ensure reliability of supply.
- Willing to work on LV systems within the Process Plant during shutdown periods.

**Essential Function**

- OHL extension, improvements and maintenance.
- Transformer maintenance
- Maintenance of 6.6kV SWG and RMU's within the process plant.
- Train and mentor national electricians ensuring competence within a 2-year period.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Implementation of the Plan
- Reporting

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically medically fit.
- Must be able to work outside exposed to Heat, wind and dusty environments.
- Must be able to work at Heights.
- Must be willing to be trained to operate Telehandler and "Cherry Picker" equipment
- Must have an Eritrean Driver's License Minimum Code 2 or equivalent for expat..

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Trade Certificate or Related Tertiary Qualification<br>• Relevant certification required to work on and switch 6.6kV voltage levels. | • 3 - 5 years relevant experience |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Attention to detail<br>• Analytical skill<br>• Low Voltage Electrical systems experience<br>• Problem-solving skills<br>• Supervisory experience<br>• Read and interpret Electrical Drawings<br>• HV/MV cable terminations & HV/MV cable jointing<br>• HV/MV overhead line construction experience. | • Communication (English)<br>• Integrity<br>• Prioritizing skills & multi-skilling<br>• Ability to work towards strict deadlines<br>• High level of accuracy<br>• Self-motivation<br>• Safe work Practices |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/ last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs, P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

---

ዓይነት ሓ/ዝ/ብ/ማ፡ ብዕለት 28 ሚያዝያ 2025 ኣብ ዘቃንዐቶ ኣኼባ ምርኩስ ብምግባር፡ ኣካያዲ ስራሕ ዝበረ፡ ኣቶ የውሃንስ ተስፋጼዮን ወልደኣብ ብኣቶ ሃይለ ኣሚን ተድላ ከምዝተቐየረቶ ተፍልጥ።

ዓይነት ሓ/ዝ/ብ/ማ፡

---

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ምምሕዳር/ከባቢ ሃይኮታ ብቑ. ፍቓድ ዋኒን GBL00004614 ናይ ሆቴል ፓ10 ትካሊዩ፡ ንወ/ሮ ለተኪዳን ሽመንዲ፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ምምሕዳር/ከባቢ ሃይኮታ፡ ብዕለት 17/3/26 ብቑ. መዝገብ 4421833 ብወሃብቶ ስለ ዝተዓደለዎ፡ ብስም ወሃቢት ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃብቶ ተረካቢት ከምዝተሓላለፍ ነፍልጥ።

ተስፋዝጊ ተስፋልደት

---

ብስም ኣልጋሽ ተሰማ ብሩ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ምም/06 (ምም/ከባቢ ማይ ጭሆት) ጎደና "409" ቑ.ገዛ 29 ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑ.ምስክር ወረቐት 121856 መኣወከሲ. ቁጽሪ 114391 ዝተረጋገጸ ናይዚ ገዛ ኦርጅናል ግዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ድማ ብዕዳ ሐዚዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07144117 ወይ 07774285 ክትሕብሩኒ፣ እንተዘይርኪይሩ ግን መተካእታ ዋንነት ሊብረቶ ካብ ቤ/ጽ ኮምሽን ኣባይቲ ክሓትት ምኻኒይ እሕብር።


ኣልጋሽ ተሰማ ብሩ

# መዘነዪ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ዓወት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት

*“ብልክዕ እንታይ ክትዓምም ምኳንካ ግዜ ወሲድካ እንተ ዘይኣጸርኻዮ፡ ህይወትካ ዝልኣለም ኣብ ዓወት ናይ ካልኦት ሰባት ክተሕልፎ ፈረደካ ኣለኻ ማለት'ዩ።”*- **ስቲቭ ፓቭሊና**




ኣመራጺ ተማራማሪ ባህርያት ደቂ-ሰብ ስቲቭ ፓቭሊና፡ ኣብ'ታ ‘ፐርሰናል ደቨሎፕመንት ፎር ስማርት ፒፕል’ ዘርእስታ መጽሓፉ ንሓደ ኣሉታዊ ባህሪ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ክትቅይሮ ከም እትኽእል እዩ ዝገልጽ። ነቲ ኣሉታዊ ባህሪ ብእወታዊ ባህሪ ምትካእ እዩ። ንኣብነት ንሕማቕ ልምዲ ኣመጋግባ ብጥዑይ ኣመጋግባ ምትካእ። ነቲ ናይ 30 መዓልታት ፈተነ ምስ ወቓዕካ፡ ነቲ ልምዲ ነቢሩ ናይ ምግባር ዓቕምኻ ኣዝዩ ዝዓበየ ምኳኑ'ዩ ዝገልጽ። እዚ ፈተናታት ኣብ ግብራዊ ህይወቱ'ውን ፈቲኑዎ እዩ። ኣብ ኣመጋግባኡ ኣሕምልቲ ከዘውትር ዝገበሮ ፈተነ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ርእዩ ለውጢ ብምምጻእ ኣብ 30 መዓልታት ከም ዝተዓወተሉ ይገልጽ። ብዘይካ'ዚ ሚዛኑ ንምቕናስ ኣብ ዘካየዶ ኣካላዊ ምንቅስቓስ'ውን ተመሳሳሊ ተዓዊቱሉ'ዩ።

መብዛሕትኦም እቶም ትማሊ ዘካየድናዮም ንጥፈታት ሎሚ ጽባሕን'ውን ንደግሞም። ንድቅስ፡ ንትንስእ፡ ንሰርሕ፡ ንበልዕ፡ ንሰቲ ወዘተ… ። እቲ ማሰርሕ ቀጻልን ዘይቅየርን እዩ። ከምዚ ስለዝኾነ ከኣ ንመብዛሕትኦም እነካይዶም ንጥፈታት ብዘይ ንጡፍ ኣቓልቦ ሓንጎል ነካይዶም ብህዋሳትና ካብ እንቕበሎም ብዙሓት ምልክታት እቶም ዘውሓዱ ጥራይ እዮም ብሓንጎል ዝምስርሑ። ስለዚ ዳርጋ ኩሉ እነካይዶ ንጥፈታት ልምዳዊ እዩ።

ዝኾነ ዓይነት ወልፊ ብዘለ ምኽንያት እታ ኣመል ምስ ለመድካያ፡ ብእኡ ኣቢሉ ኣመል ወይ ልምዲ ኮይና ትቕጽል። እቶም ደቀቕቲ ዝመስሉ ግን ከኣ መዝሙትናን ምስልናን ዘንጽብርቑ ልምድታት እዮም። ብዘይካ'ዚ ናይ ኣንጉብ መንገድና ዝጸልዉ ብዓበኦ ከኣ ኣብ መወዳእታ እንታይ ዓይነት ህይወት ከም እትነብር ዝውስኑ ልምድታት ኣለው።

ልምዲ ኣመጋግባ፡ ልምዲ ምንቅስቓስ፡ ወልፊ ቴለቪዥን፡ ዕላል ዝኣመሰሉ ንናይ ሓደ ሰብ ናይ ስራሕ ልምዲ በሪዞም እቲ ሰብ ኣብ ስራሑን ሞያኡን ንኽይዕወት ክደርኹ ይኽእሉ። ስለዚ ቀለልቲ ዝመስሉ ልምድታት ብኣጋ ኣስተብሂልና ክንምሕዎም እንተ ዘይክኢልና መጺኢና ክወስኑ ይኽእሉ እዮም። መብዛሕትኡ ሰብ፡ ዝሰረጾ ልምዲ ክምሕዎ ከም ዘይክእል ገይሩ ይወስዶ እዩ። መጽናዕቲ ስቲቭ ፓቭሊናን ካልኦት መጽናዕትታትን ክምሓ ዘይክእል ልምዲ ከም ዘየለ የመልክቱ።

እታ “ሓንቲ ልምዲ ኣብ 30 መዓልቲ” እትብል ህብብቲ ክልሰሓሳቡ ኣብ ብዙሕ ፈተነ ተዓዊታላ እያ። በዚ ክልሰ ሓሳብ ንዊሕ ዓመታት ምሳኻ ዝጸንሐ ልምዲ ወይ ኣመል ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት ክእለ ይከኣል። ብመሰረት'ዛ ክልሰ ሓሳብ ኣብ 30 መዓልቲ ሓንቲ ልምዲ ጥራይ ክትቅይር ትኽእል። ንኣብነት፡ ንግሆ ናይ ምትንሳእ ጸገም ዘለዎ ሰብ፡ ነዚ ሕማቕ ልምዲ ንምውጋድ ኩሉ ግዜ ንግሆ ኣብታ ክትትንስኣላ ዝደለየ ሰዓት ምስ ተበራበረ፡ ኣብ ዓራት ንሓንቲ ደቒቕ'ውን ከይጸንሐ ተጸሚሙ ዘለሉ ክትንስእ ኣለዎ። ቅድሚ ምድቃሱ ከኣ ጽባሕ ንግሆ፡ ዝትንስኣሉ ሰዓት ምስ ኣኸለ ብዘይ ዕጥይጥይ ብድድ ክብል ኣለዎ፡ ብምባል ምስ ነብሱ ክመያየጥ ኣለዎ። ብኸምዚ ንሓደ ወርሒ ምሉእ ከየቋረጸ ምስ ዝቐጽል፡ ድሕሪ ወርሒ ባዕሉ ብድድ ኢሉ ክትንስእ ይኽእል። እዚ ቀሊልን ኩሉ ሰብ ዝፈልጦን ምኽሪ ኮይኑ፡ ወጽኢቱ ድማ ብስጉፍልጡት ዝተረጋገጸ ምኳኑ እዩ ስቲቭ ፓቭሊና ዝገልጽ። ብፍላይ ኣብቶም ጎዳእቲ ወልፈታት ከም ኣልኮላዊ መስተን ሽጋራን ንኽተቋርጾም ኣብ ዝወሰንካሉ ግዜ ወልፊ ከተቋርጸሉ ዘድልየካ ምኽንያታት ጽሓፎም፡ ኣብ ጥዕናኻን ጥዕና ስድራኻን ዘለዎ ጽልዋ ብምዝርዛር ነቲ ወልፊ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ክትዕወተሉ ይከኣል።

## ጥቕስታት መዘነዪ

- “ሓንቲ ፍሽኽታ ንሓደ ክፍሊ ክተብርሆ ትኽእል እያ፡ ሓንቲ ምጽዋግ ከኣ ንምሉእ መዓልቲ'ያ ተጸልምት።”- **ዳቪድ ጀርም**
- “ፍልጡት ፍቕሪ ብርሃንን ራእይን እዩ።”- **ሄለን ኬለር**
- “እወታዊ ቃላት ንኣእምሮ ኣጉዳሲ መዝገቢ ብምምጋቡ ንንቕሓትን ርድኢትን ብርሃን ይህቡ።”- **ጂም ሮን**
- “ተኣማኒ ምኳን ፍረ ናይ ብሉጽ ዝምድና ኮይኑ፡ ከም እትፍቅር ዘረጋግጽ እዩ።”- **ዊልያም ፒ. ያንግ**
- “ናይ ኮንዶኾን ስጉምቲ ምውሳድ፡ እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ ብልክዕ ካብ ዘይምፍላጥ'ዩ።”- **ዋረን ባፈት**
- “ብመጠን እቲ ስነ ስርዓት ዝገበርካሉ'ያ ህይወት ቀሊል ትኸውን።”- **ስቲቭ ፓቭሊና**
- “ዓወት ብኣጋጣሚ ኣይረኽብን። ጻዕሪ፡ ጽንዓት፡ ምምሃር፡ ምጽናዕ፡ መስዋእቲ ልዕሊ ኩሉ ድማ ፍቕሪ ናይ'ቲ እትሰርሖ ወይ እትመሃሮ ምህላው እዩ።”- **ፔሌ**
- “ሕሉፍ ግድን ኣይረሃን ንመጻኢ መምርሒ ክኸውን፡ ብኸፈል ግን ንህሉው ንምምራጽ ሓጋዚ'ዩ።”- **ሻሺ ታሩር**

## ሞራላዊ ናብዮት




ልክዕ ከምቲ ካልኦት ክሰድኡኻ ዘይትደሊ ንነብስኻ'ውን ኣይትጉድኣያ። ክትዕጽሓ ዝይከኣልካ እናዘከርካ ንነብስኻ ኣይተነኣእሳ። ኣብ ክንዳኡ ዝጸሓፍካዮን ዝፈጸምካዮን እናዘከርካ ኣተባብዓያ። ምኽንያቱ ንነብስኻ እንተ ዘይተባቢዕካ ብደገ ክመጸኣ ንዝኽእል ምትብባዕ ከም'ቲ ዝደለ ክትጥቀመሉ ዝከኣል ኣይረኽብን። ውሽጥኻ ምሳኻ ሰሪት ዘይብሉ ክኸውን እንክሎ፡ ኣብ ዓለም ዝዓበየ ጸላኢ ፈጢርካ ኣለኻ ማለት'ዩ። ምስ ውሽጥኻ ክትሰማማዕ እንተደሊኻ ድማ ብዙሕ ኽእለ መጠን ንነብስኻ ከም ዘሎታ ተቐበላ። ሓጺር ኩን ነዊሕ፡ ጸሊም ኩን ቀይሕ፡ ጠፍናፍ ኩን ዋላ ብዕሊ ነዊሕ ኣፍንጫ… ብዝኾነ ንነብስኻ ከም ዘሎቶ ተቐበላ። ዶብት ኣብ ኣእምሮኻ'ዩም ዘለው፤ ሰብኣዊ ኣእምሮ ክሳብ ዝዘለዎ፡ ሰብ ዝገብሮ ክትገብር ትኽእል ኢኻ፡ እቲ ዝዓበየ ሓጻርን ዘውሐ መንደቕን ኣብ ኣእምሮኻ'ዩ ዘሎ። እንተኒደቅካዮ ይዓብን ይዉሕን እንተ ኣፍረስካዮ ድማ ይንእስን ይሓጽርን። ዝጽዕር ሰብ ኣብ ውሽጡ ክፈጥሮ ዘኽእል ናይ ጆግሓት ኣተሓሳስባ ኣለዎ። ዝ ኣተሓሳስባ'ዚ እንተ ኣስሪጹ ድማ ኩሉ ከም ዝከኣል'ዩ ዝኣምን። ሓደ ሰብ ከምዚ ናብ ዝኣመሰለ ኣተሓሳስባ ምእንቲ ክበጽሕ ኣእምሮኡ ቀጻሊ ሞራላዊ ናብዮት ይደሊ።

## ብዛዕባ ትርጉም ሕብርታት

ሕብርታት ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ንዝተፈላለየ መዓላታት ንጥቀመሎም ኢና። ብተወሳኺ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ምርጫ ሕብሪ ኣለዎ። ኩሎም ሕብርታት ናይ ገዛእ ርእሶም መግለጺ ኣለዎም፡ ንገለ ካብኦም መሰረታውያንን ልሙዳትን ሕብርታት ምስ ንዕዘብ፦

- ጸሊም፦ ጸሊም ሕብሪ ንሓይልን መዘኑትን ይውክል። ኣብ ገለ እዋናት ጸሊም ከም መግለጺ ምእዙዙትን ትእዛዝን'ዩ። ብተወሳኺ ጸሊም ሕብሪ ከም መግለጺ ሞትን ሰይጣናዊ መንፈስን'ውን ይግለጽ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ'ዩ መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ግዜ ሓዘን ጸሊም ክዳን ምውዳይ ዝዘውተር።
- ጻዕዳ፦ መግለጺ ንጽህናን ሓቀኛነትን ከም ዝኾነ ዝግለጽ ጻዕዳ ሕብሪ፡ መብዛሕትኡ እዋን ምስ ወቕጣውን ግዳማውን ጽሬት ከም ዝተሓሓዘ ይግለጽ። ብዶክተራትን መርዑን ዝውክል ጻዕዳ ሕብሪ ብተወሳኺ መግለጺ ሰላም እዩ።
- ቀይሕ፦ ቀይሕ ካብ ኩሎም ሕብርታት ልዑል ናይ ስሕበት ሓይሊ ዘለዎ ኮይኑ፡ ንስሑነት ዝገልጽ ሕብሪ'ዩ። ዝጠዝዐ እዋን ከም መግለጺ ፍቕሪ ይግለጽ፡ ቀይሕ ሕብሪ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናትን ኣጋጣሚታትን ኣብ ዝውዓሉ ፍቕራዊ ህያባት



ዝዘውተር ሓያል ናይ ስሕበት ኣምሮ'ውን ኣለዎ።

- ሰማያዊ፦ እዚ ብሕብሪ ሰማያትን ውቅያኖሳትን ዝግለጽ ሕብሪ፡ ንሰላምን ጸጥታን ዝውክል እዩ። መብዛሕትኡ እዋናት መንበሪ ገዛውቲ በዚ ሕብሪ'ዚ ክልከዩ ምርኣይ ዝ መግለጺ ዘራጉድ ኣብነት'ዩ። ከም መግለጺ ሰላምን ጸጥታን ከኣ ይግለጽ።
- ቀጠልያ፦ ንባህሪ ከም ዝውክል ዝግለጽ ቀጠልያ ሕብሪ፡ ንባህርያውያን ነገራት ዝውክሉ ነገራት መብዛሕትኡ እዋን በዚ ሕብሪ ይግለጹ።
- ብጫ፦ ብጫ ንዘብለጭልጩ ነገራትን ንፈንጠዝያን ዝውክል ሕብሪ'ዩ። ብተወሳኺ ብጫ ሕብሪ ብፍላይ ድሙቕ ምስ ዝኸውን ካብቶም ኣዝዮም ረበሽቲ ዓይነት ሕብርታት ተባሂሉ ይግለጽ'ዩ።

## መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ዓ | ሰ | ር | ተ | ■ | መ | ስ | ከ | ረ | ም | ■ | ባ |
| ወ | ■ | ስ | ኽ | ት | ት | ■ | ቲ | ■ | ም | ሳ | ሕ |
| ት | ር | ሓ | ስ | ■ | ረ | ም | ታ | ■ | ሕ | ብ | ሪ |
| ■ | ■ | ት | ■ | ነ | ብ | ሳ | ■ | ዳ | ያ | ሪ | ■ |
| ዓ | ሶ | ■ | ፈ | ግ | ■ | ሕ | ደ | ■ | ሽ | ን | ቲ |
| ቢ | ል | ■ | ሓ | ፈ | ረ | ■ | ስ | ረ | ■ | ■ | ፍ |
| ■ | ■ | መ | ረ | ረ | ■ | ቀ | ደ | ም | ■ | ሰ | ቲ |
| መ | ል | ስ | ■ | ግ | ■ | ደ | ስ | ታ | ■ | ሰ | ፍ |
| ደ | ■ | ፈ | ■ | ■ | ኣ | ደ | ■ | ■ | ሰ | ነ | ■ |
| ም | ስ | ■ | ስ | ሓ | ቦ | ■ | ገ | ረ | ብ | ■ | ዓ |
| ሰ | ■ | መ | ደ | በ | ■ | ግ | መ | ■ | ኣ | ኮ | ይ |
| ስ | ፈ | ■ | ድ | ን | ን | ■ | ል | ኻ | ይ | ■ | ኒ |

# ዛዕባ ሎሚ

## ዝኽሪ ዛዛሚ ኩናት

### ጉዕዞ ኣሃዱና ናብ ኣስመራ

ግርማይ ወልደግዮርጊስ (መንከኒኖ)

(5ይ ክፋል)

"ዕጠቕ ተበገስ!" እንተ ተባሂሉ ብቕልጡፍ ሓደ ድሕሪ ሓደ ምስራዕ ኣብ ደሙ ዝሰረጸ ተጋዳላይ፡ ዕጥቁ ዓጢቑ ዝጽሮ ተወሲኺ. ጸር ጺዩሩ፡ "ናብዚ'ዩ ኣንፈትኩም" ከይተባህሉ፡ ኩሉን መሳርዕ ናብ ውሽጢ ኣስመራ ዝወስድ ጽርግያ ሓዘን ተሰርዐ፡፡ ብመሰረት ኣሰራርሓና ንመራሕ በጦሎኒና ጽግዕ ኢለ "ናበይ ገጽና ኢና፧" ክብል ሓተትክዎ፡፡

መርዓዊ "ዋእ ማይ ኣንበሳ ኢሎሙና ኣለው፡ ኣስመራ ተወሊደ ዓብየ ዝበል ሃየ ሕጂ ይምርሓና፡ እንተ ወዲ ሃንሰኪ (ንኻልኣዩ) ምስ ምንዋሕ ቃልሲ ነዛ ዝዓበየላ ከተማ ረሲዕዋ'ዩ ዝኸውን" በለ ንኸዘርበ፡፡

"ማዕረ ክንድኡስ ኣይተንከሩን ተሓመቐ ሓመቕ ምስ መንከኒኖ ኴንና ንበጦሎኒና ናብዚ ዝተባህለ ቦታ ከዕጽሓ ኢና" በለ ኣዒንቱ ናባይ ገጹ እናገበረን "ሓቀይ እንድየ፧" ብዘስምዕ ኣጠማምታ፡፡

"ኢሂናይ ደኣ! ንበለ ጥራይ" በልኩ ዝተወለደኩላ ኣስመራ ውሽጢ ከርሳ ከም ውንጅር ኣብ ማይ ክጠሓሕሶ እናተራእየኒ፡፡ "ያላ ተበገስ"! ኢልና ጉዕዞ ጀመርና፡፡ መገዲ ጅምር እንክሉበል ብሓመድ ዝመልአ ከሻሹ ዝተሰርሐ ድፋዓት ገጠመና፡፡ ኣብ ፈቓዶኡ ዛሕዚሖ ዝበለ ጠበናጁ ጸላኢ'ውን ከምኡ፡፡ ነዚ ከም ዝቖጽ ጨንፈር ዕንጸይቲ ፈቓዶኡ ዝተደርበየ ጠበናጁ ምስ ረኣና "ግዜ ክጠልመካ እንከሎ ሕሰሞ'ዩ!" በልና፡፡ ቀጺልና ንዋሕቲ ኣግራብ ቤት ገርግሽን ንኡ ዝተቐንተ ጸለም ጽርግያን ሓጹርን ተጎዝጎዝና እናተገዓዝና፡ ብዚንክ ዝተጠቓቐዐ ኣባይቲ ኸሬና፡፡ ንዋግን ተዓጺፍና ጫፍ ኣርባዕተ ኣስመራ ሓዝና፡፡ ኣደታት ገለኣን በራድን ከብዮን፡ ገለ ከኣ ቀጫጪ ሓዘን ብዕልልታ ኣሰንየን "ደቀ'ስመራ ጸዕዳ ዘይብሎም ዕዳ" ዝበሉን ካልኦት ደርፍታትን ኣሰንየን ቁጽይ-ጽይ እናበላ ፍሽኽታ እናንስየ ተቐበላና፡፡

እቲ ሓንሳብ እንተተበገሱ ንክሽይን'ውን እንተኾነ፡ ናይ ሓብር ትእዛዝ ዝጸበ፡ ብኣደ ዋኒኑ ማስርዕ ዘይቀርጽ ተጋዳላይ፡ በቲ ኣደታት "ሻሂ ናይ ግድን እንተ-ዘይሰቲኹም ቅጫ እንተ ዘይበላዕኩም" እናበላ ክሰገር ዘይከኣል ናይ ወላዲት ሓልዮት ተገዲዱ፡ ገለ ክፅንገል ክፍትን እንከሎ፡ ገለ ድማ ርህሩህ ወላዲት፡ ህርፉን ውሉድን ሃንቀውታ ናጽነትን ሕልናኡ ጸቒጡዎ ዓይኒ ዓይነን እናረኣየ ጉዕዞኡ ይቕጽል ነበረ፡፡

ኑቲ ንሓዋሩ ኣኽሊ. በቶሉዎ ዘይፈልጥ ከማስል ቀለል ንፋስ መጺኡ ዘዩሩኖ ግራውቲ ኣርባዕተ ኣስመራ፡ ንገለኡ እናቀረጽና ንገለኡ ድማ ቀጢን መገዲ ብዘመርሓና እናሰደና ንዘበን እንዳ ራእሲ. ሓኸርና፡፡ ኣብዚ በርኽ ቦታ'ዚ ኴንና ድማ ንምልእቲ ኣስመራ ብኸሉ ኩርንዓት ከንርኢያ ዕድል ረኺብና፡፡ "እውይ ኣስመራና!" በልኩ፡ ከም'ዚ ካብ ሰማይ ዱብ ዝበልኩ ክመስለ፡፡ ከማይ እውን እቲ ዕባይ ኣስመራ ዝኾነ ኮሚሽር በጦሎኒና ወዲ ሃንስ፡ ኣብ ሓደ ቦታ ተዓኒድና፡ ንክፋል ካቴድራል፡ ንያላ ሆቴል፡ ኣብያተ ክርስቲያናትን መሳጊድን፡ ጸጸራት ሓዙሓዝን ካልኦትን ክስብ ግፍሒ. ኣዒንትና ዝፈቐዶ ተኩርና ተዓዚብና፡፡ እዚ ስምዒት እዚ ግን ናብዞም ደቂ ኣስመራ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ኩሎም ብጾትና ነበረ፡፡

መንገድና ብሰንኪ. ተማስጦ ከተማ ኣስመራ፡ ከም'ቲ ክኸውን ዝግበኦ ኣይሰጎመን፡፡ እንተኾነ ግን፡ ንቕድሚት ምስጓምና ስለዘይተረፈ፡ እንዳ ራእሲ. ጉዲፍና ናብ ኣኽርያ እንዳ ገብረኤል ገጽና ኣንቀልቀልና፡፡ እዚ ቦታ'ዚ ዝጸበኹሉን ስድራይ ዝነበሩሉን ከበቢ. ብምዃኑ፡ ን16 ዓመታት ዝተፈለኹዎም ስድራቤተይ፡ ኑታ ዝድቅሰላ ዝነበርኩን ክሳብ ዕሎ ናጽነት ናይ ወድና ብምባል ዝሓቡሓብዋ መደቀሲተይን ንምርኣይ ተሃንጠኹ፡፡ ምንቅስቓሳይ ድማ ካብ ናይ ካልኦት ዝተፈልየ ማለት፡፡



በጦሎኒና፡ ኑታ ኣብ ዝበን ጎቦ ዝተደኰነት ገዛ ታሪኽ ንዋግን ጉዲፉ ብዕልልታን "ኣሰይ ኣሰይ ወሰንኣ የብሉን ሓገሰይ" ብዝበሉ ደርፍታት ኣደታትን ተማእኪሉ ከም ሓደ ኣኻሊል ደፊኡ ዝምርሽ ንገሱ፡ ኣብ ከበቢ. እንዳ ገብረኤል ምስ ህዝቢ. ተደባሊቓ ተዋሒጣ ተረፈት፡፡

እንተ ኣነ ሓደ ሃይለ (ብዕሎ) ዝበሉዎ፡ ጺጋመይቲ ብርኪ. ኢዱ ብጥይት ተወቒዓ ጉብጥ ዝበለት ዋዛኡ ዘይምኖ መራሕ ሓይሊ. እግሪ እግረይ እናሰዓበ፡ ንኣሃዱና ጉዲፍና ከይተረድኣና ንገዛና ገጸይ ተሃንፈፍኩ፡፡ ንዋይሕ እዋን ዝተፈላለዩ ውሉድን ወላድን ዝራኸቡሉ ህሞት ብምንባሩ፡ ኩሉ ነባሪ ኣስመራ ገዛኡ ጉዲፉ ኣብ ጎደና (ደገ) ኮይኑ እዩ ዘቛምት ነይሩ፡፡ ኣዒንቱ ኣዚሩ ድማ፡ "እከለ ይመስል እከሊት ትመስል" እናበለ ኣብ ኣእምሮኡ ምስልታት ቀሪጹ ሰቡ ክሓቁፍ ኣብ ተዓሎ ነበረ፡፡

ስድራቤትና'ውን "ብበዝሒኹም ተጠርኒፍኩም ተቐበሉ" ዝተባህሉ ክመስሉ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ኮይኖም ከም ሃዳናይ ደሙ የማን ጸጋም የቋምቱ ነበሩ፡፡ ብወገይ ቅድሚ 16 ዓመት ንዝነበረ ዝኽረይ ከም ዝዘርገ ክራር ክቓኒ ምስ ጀመርኩ፡ እዚ. ዓመታት እዚ. ዝፈጠሮ ምቅይያር ኣካላት ነፍሲ. ወከፍ ንኸንዘምድ'ውን ካልእ ዕዮ ገዛ ኮነ፡፡ ብዘይካ'ዚ. ምሳይ ዝተሰለፉን ድሕረይ ዝሰዓቡን መቕርብ'ውን ኣለዉ፡፡ ገለኦም ብራሕቂ ቦታ፡ ሃለዋቶም ዘይነበረ፡ ገለ ግን ብጭብጥ ከም ዝተሰውኡ ዝፈልጦም፡፡ ብዘዕባ'ዚ. ዝምልከት ሕቶ እንተ ኣቕሪቡለይ'ኸ፡ እንታይ ኢለ ክምልሶ'የ ዝበሉ ጉዳያት ንናይ 12 ክፍሊ. መልቀቒ ፈተና (ማትሪክ ዝቐርቡ ሕቶታት) ኮይኖም ተራእዩኒ፡፡ ካልእ ብዕምቈት'ኳ እንተ ዘይሓሰብኩሉን ዘይተገደስኩሉን "ተመርዒኻ'ዶ ወሊድካ'ዶ፧" ዝበሉ'ውን ይወሰኹ ይኾኑ በልኩ፡፡ ስለዚ. ኣብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኣብ ግዜኦም በዓሀቲ ዝኾኑ ሕቶታት ተጸሚደ "ከምለስ'ዶ!" ዝበል ደርኺት'ውን "ሒቕ!" እናበለኒ'ዩ ኣሃን ብጸይ ብዕሎን ንገዛና ገጽና ዝመረሽና፡፡

እዞም ዝጠቓቐስኩዎም ሕቶታት ከም ኣብ ውሕጅ ዝዕዘር ዘሎ ጉንዲ ኣብ ኣእምሮይ እናተሰራሰሩ እንከለዉ፡ ካብቶም እኩባት ሰባት "ግርማይ እንሀለ! ግርማይ. . ." ዝበል ማዕበል ገጠመ፡፡ ብኡ ንብኡ መን'ዩ ዝሰዓመኒ ዘሎ መን'ዩ ዝደርፍን ዝስዕሰዕን ዘሎ፡ መንከ'ዩ ዝሑብዕ ዘሎ፡ ንግዜኡ ድምፅርግር በለኒ፡፡ ኩሉ'ዩ ንኣይን ንብጻይ ብዕሎን ዝስዕመና ዝነበረ፡፡ ከም ወራራት፡ ናይቲ ሓደ ጉጅለ ናህሪ ኣዝሊሒልና ናይቲ ካልእ ከሀድእ ኣካልና ረሻሽ ክብለና ቀረበ፡ ድሕሪ'ዚ. ከም ሓደ ሻምፒዮን ናይ ውድድር ብሽክለታ፡ ሓደ ካብቶም እኩባት ክሳዱ ብኽልተ እግረይ ኣሕሊፉ ሰፍ ኣቢሉ ንሰማይ ኣብርኹ "ወሰዲ ተጋዳላይ ብዓል ስረ! ወሰዲ. . ." ብዝበሉ ኣሞኽቲ ሓረጋት ናባይን ናብ ብጻየይን እናወርወሩን እናሰዓሙን ንገዛና ኣእተዉና፡፡

ገዛና ካብ ናይ ቅድም ዝተፈልየ ዓራውቲ በዚሐዋ ረኣኽዋ፡፡ "ናይ ምንትኒ ዓራውቲ ደኣሉ እዚ." ኢለ እናሓሰብኩ፡ ደቂ 11-12- ዓመት ዝኾኑ ቆልዑ ናባይ እናተሓቑፉ "ግርማይ ሓወይ ግርማይ ሓወይ" ይደጋግሙ ነበሩ፡፡

ኩሎም'ቶም ኑታ ገዛ መለኣማ ዝነበሩ ኣባላት ስድራና ብምንባርም "ንኣይ'ከ ተለልየኒ'ዶ ረሲዕካኒ. ደኣ ከይትኸውን?" ዝበሉ ሓወሲ. ዋዛ ዝኾኑ ሕቶታት ይሓቱኒ ነበሩ፡፡ ኣደይ'ውን ሓንሳብ ሓሂቓ ምስ ሰዓመትኒ ሓቕፋት ናይቲ ፍጻመ ምእማን ዝስኣነት ክትመስል ፊዚዛ ዓይኒ ዓይነይ ትጥምተኒ ነበረት፡፡ ኣቦይ ግዛ ክጽንሓኒ'ዩ ነይሩ ትጸቢተይ፡፡ ንገለ እዋን ድሕሪ ምጽማም፡ ደፊረ ክሓትት ኣይደለኹን፡፡ ምኽንያቱ ካብዛ ዓለም ተፈልዩ ክኸውን'ውን ስለዝኽእል፡፡ እንተኾነ ግን እቲ ብድሕረይ ዝተወልደ ኣብዚ. ኢጋጥሚ'ዚ. ኣሕዋት ምዃንና ዝተሳለና ንኣሽቶ ሓወይ፡ በቲ ቅልጡፍ ኣዘራርባኡ፡ "ኣቦይ ንግኻ ክደሊ. ምስ ከዶ ክሳብ ሕጂ ኣይመጸእን" ክብል ኑቲ ኣብ ተርባጽ ዝጸንሐ ልበይ ኣርገኦ፡፡ ናብ ሓፍተይ ግልጽ ኢለ ድማ፡ ንምጥቃሉ "ሓቂ ደዩ፧" በልክዋ፡፡ እንተ ንሳ ከም ሓደ ቀሊል ጉዳይ ወሲዱ "ስበኣይ ዓቕሊ. ግበር እንተበልናዮ፡ 'ወደይ ከይደ ይደልዮ እምበር ኣብ ግዛ ኮፍ ኢለ ኣይጸበዮን፡ ቅድሚ ሕጂ ዝተጸበኹዎ ይኣኽለኒ ኢሉ' ትማሊ. ምሸት ምስ ከደ'ዩ ከም ህዝቡ ሪብሪቡ ክምለሰና'ዩ" ክትብል መለሰትለይ፡፡

ካብቶም ንኣይ ንምርካብ ናብ ገዛና ዝውሕዙ ዝነበሩ ሰባት እተን ደቀንስትዮ፡ ኣቐዲመን ዕልልታ ይድርጉሕኣ ነበራ፡፡ ድሕሪ'ዚ. ንኣይን ንብጻይ ብዕሎን ጥራይ ዘይኮነ ንኹሉ ኣብቲ ግዛ ዝጸንሐ ብኣልማዝ ይስዕመኦ፡፡ ኑቲ ንዓመታት ዕልልታ ተሓሪሙዎ ዝነበረ ቤትናን ከበቢናን ብደስታ ኣማመቑኦ፡፡ እቲ ዝኣሰ ኑቲ ዝዓበዩ፡ እቲ ዝዓበየ'ውን ኑቲ ብደገ ዝመጽአ ጋሻ ቦታ እናለቓቐን እናተቐራቐረን እታ ግዛ መኻዚኖ ናይ ሰብ ማሰለት፡፡

ሙብዝሕትኡ እቲ ዕላል ኑዩም ብዕድመ ዝደፍኡ ይሕደግ ነበረ፡፡ "ካን ከማዛ ዋዛ ብዚይ ህልቂት፡ ኣዒንትና ዝኸበደ ክፉእ ከይረኣየ፡ እዞም ከም ፍልሖ ኣስመራ ወረርማ ዝነበሩ ኣእላፍ ወተሃደራት ቅንጥጥ ኢሎም ከይዶም'ሲ. ዓይኒ ንዓይኒ ክንርኢኣ በቒዕና - ወይዛ ማርያም ኣስመራ ጥዕምቲ!" ዝበሉ ናይ ምግራም ሓሳባት ይውሕዙ ነበሩ፡፡ እታ፡ ብስቤት ጸጉራ ዝተወረረን ኣዒንታ ምርኣይ ዝረብረባ ክማስላ ንውሽጢ. ዝጡሓላን ሰይቲ ዓቢ. ሓምቦይ ናባይ ቀሊሕ ብምባል፡ "ግርማይ ካን መክራና ቅንጥጥ ኢሉ ከይዱ ማለት ድዩ፧ ካን ድሕሪ ደገም ተኸሲ.ን ወረ ተኸሲ.ን ኣብቁዑ ማለት'ዩ፧" ዝበል ሕቶ ኣቕረበትለይ፡፡

"ሳላ ጸሎትኩምን ሓይሊ. ፈጣርን ብልሒ. ህዝባዊ ግንባርን፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ከማዛ ግመ ብጹሓይ ዝቖንጠጥ ቅንጥጥ ኢሉ ከይዱ እዩ" በልኩዋ፡፡ ብጻይ ብዕለውን ምስ ሓሳበይ ከም ዝሰማማዕ ብርእሱ ናይ እወታ ምልክት ሃበ፡፡

ኣብዛ ሓጻር ጸንሖት፡ ንኹሎም ኣብ ቤትና ዝነበሩ ኣዒንተይ ኣዘዋዊረ ክጥምቶም ኣብ ዝፈተንኩሉ፡ ቆልዑ ዝገደፍኩወን ንባዕለን ኣደ ቆልዑ ኮይነን፡ እቶም ኣውዓት ድማ ደሮ ሰቢኦም ኮይኖም "መምህር እከሉ፡ ኣቶ እከለ" ብዝበል ናይ ኣኽብሮት ጻውዒት ክጽውዑን ርዝንዝን ኢሎም ክዛረቡን ምስ ተዓዘብኩ፡ ካብቲ ዝነበርኩዎ፡ ናብ ዝተፈልየ ሓድሽ ስርዓት መንበሮ ይኣቱ ከምዝለኹ ንምርዳእ መጭኢታ ሓብሬታ ኮነ፡፡ ቀጺለ ኑቲ ኣብ መንደቕ ብማስርዕ ቀይሙ ዝነበረ ኣሳእል፡ ቡብማስርዑ ክዕዘቦ ጀመርኩ፡ ካብዘን ኩለን ናይ ፍርቂ ነፍሲ. (ጉርዲ) ስእሊ. ኮይና ኣብ ሓደ ዓቢ. ሼትሮ ዝተቐመጠት ናይ ሓደ ወዲ 17 ዓመት ዝኸውን ቅንጹብ መንእሰይ ስእሊ. ንኣቓልቦይ ሰሓበት'ሞ ንሓፍተይን ንኹሎቶምን "ናይ መን ደኣ'ላ እዛ ስእሊ." ክብል ሓተትክዎም፡፡

ሓፍተይ ኣዒንታ ደሮ ንብዑት ቋጺሩ፡ " ግርማይ ሓወይ፡ ካን ሰማስ ሃዛ ኑበሽካ ረሲዕካያ- ኣይንሽካ እንዲ'ካ!" ድሕሪ ምባል፡ ናብ ዝኽሪ ተመሊሳ "ኣብ 1976 ኣብ ሰሓርቲ እንክለኹም ኣደይ መጺኣትካ፡ ሽዑ ስእሊ. ተሳኢልካ ዝሃብካያ እያ፡ ኣቦይ ድማ 'ኣዕቢ.ኹም ኣብ መንደቕ ስቐሉዋ' ኢሉና ኣዕቢ.ናያ" በለትኒ፡፡ ክሳብ ክንደይ ካብቲ ስድራቤታዊ ምትእስሳር ተፈሊ.ና ጸኒሕና ኣብ ርእሲ. ምሕሳበይ እታ "ክሳዕ ክንደዚ. ዲኻ ንኡበሽካ ረሲዕካያ" እትብል ዘረባ፡ ኣነ ጥራይ ዘይኮንኩ ኩሎም መጋድልተይ፡ ነዛ ኑበሶም ምእንቲ ሃገር ምስ ኣረከቡ ክሳብ እዛ ናጽነት ክውንቲ እትኸውን ዘኪሮማ ከምዘይፈልጡ ኣገናዘብኩ፡፡

ይቕጽል . . .

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደንደን፡ ዕውትቲ ዋንጫ ናጽነት ኮይና



ብኽልተኡ ጾታ ጸብለል ዝበለት ክለብ ደንደን

ክለብ ደንደን፡ ብኽልተኡ ጾታ ዕውትቲ ናይቲ "ጽንዓትና ዋሕስና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተኻየደ ውድድር 'ዋንጫ ናጽነት 2026' ዞባ ማእከል ኮይና።

ኣብቲ ሰንበት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ዝተኻየደ መዛዘሚ ውድድር፡ ፈለማ ግጥሚታተን ዘዕዘዳ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ኢንሹራንስን ደንደንን እየን። እዘን መብዛሕትአን ኣብ መዛዘሚ ዝራኸባ ጋንታታት፡ ዝሓለፈ ኣብ ዘዋርት ዋንጫ ተራኺበን፡ ብፍጹም ቅላዕ ኢንሹራንስ ተዓዊታ ነይራ።

ትማሊ ግና፡ ደንደን ኣብ መበል 75 ደቒቕ ካብ ፍዮና ገርግሽ ብዝረኸበቶ ሸቶ፡ 1-0 ተዓዊታ ዋንጫ ናጽነት ኣልዒላ። መዕወቲት ሸቶ ዘመዝገበት ፍዮና ድማ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ።

ቀጺለን ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት፡ ንኣልታሕረር ገሊፉ ዝሓለፈት ደንደንን ንቀይሕ ባሕሪ ዝኣለየት ኣዱሊስን ተጻዊተን።

ንሓላዊ ልዳት ኣዱሊስ ኣብ ከቢድ ስራሕ ጸሚዳቶ ዝወዓለት ደንደን፡ ኣብ መበል 41 ደቒቕ ብመገዲ ስምኦን ሃብተ መራሒት ዘትሓዘታ ሸቶ ረኺባ፡ ናብ ዕረፍቲ 1-0 መራሓ ወጺኣ።

ኣዱሊስ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ወላ'ኳ ንምምዕርራይ እንተጸዓረት፡ ሸቶ ከተመዝግብ ግና ኣይከኣለትን። ኣብ መበል 58 ደቒቕ ድማ፡ ተጻዋታያ ሄርሞን ሚካኤል ብዘፈጸሞ በደል ብቐይሕ ካብ ሜዳ ብምብራሩ፡ ንዝተረፈ ደቓይቕ ብጎደሎ ክትጻወት ቀሲባዋ። እዚ ዕድል ክትረብሓሉ ዝጸዓረት ደንደን፡ ኣብ መበል 86 ደቒቕ ካብ ሴም ተከኤ መራሕነታ እተግፍሕ ሸቶ ረኺባ፡ ኣብ መበል 90 ደቒቕ'ውን ሚሮን ኣለም - ልዳት ኣዱሊስ ደፊሩ፡ ደንደን ብጠቕላላ 3-0 ተዓዊታ፡ ኣቐዲማ ብደቂ ኣንስትዮ ዘልዓለታ ዋንጫ ደጊማ ብደቂ ተባዕትዮ ኣልዒላታ። ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ኣባላ ኣሚር መርሃዊ ተጻዊዑ።

## ናዝሬት፡ ናብ ውድድር ተመሊሳ

### ኣብ ቀዳማይ ጸወታኣ ሻዱሸይቲ ኣትያ




ኦሎምፒኣዊት ኣትሌት ናዝሬት ወልዱ፡ ንኽልተ ዓመታት ካብ ውድድር ተኣልያ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ቀዳማይ ጸወታኣ ሻዱሸይቲ ብምእታው፡ ዘምስገን ወጽኢት ኣመዝጊባ።


እዛ ኣብ 30 ዓመት ጉዳም ኣትሌት፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ሰለስተ ግዜ መርመራ ሓዩሊ ስለዝሓለፈ፡ ካብ ሰነ 2024 ዝጀምር ክሳብ ሎተት 2026 (ን20 ኣዋርሕ) ካብ ጉያ ክትእለ ኣብ መስከረም 2024 ከምዝተወሰነ ይዝከር። ሰንበት 3 መጋቢት መቕጻዕታ ወዲኣ ኣብ ኮሎምቢያ ኣብ 'ካሊ ማራቶን' ተወዳዲራ ከኣ፡ ብ2 ሰዓት 37 ደቒቕን 45 ካልኢትን ዛዚማ ሻዱሸይቲ ኣትያ፣ ኣብ ምልሶታ ድማ፡ ኣዝዩ ኣተባባዒ ወጽኢት ኣመዝጊባ።

ነዚ ውድድር፡ ኬንያዊት ኣትሌት ስታንቺ ንዲዋ ብ2 ሰዓት 29 ደቒቕን 51 ካልኢትን ተዓዊታትሉ።

እዛ ንመወዳእታ ግዜ ኣብ ሚያዝያ 2024 ንሺና ማራቶን ተዓዊታ ካብዚ ዓውዲ ተኣልያ ዝጸንሐት ብልጽቲ ኣትሌት፡ 30 ኑሓስ ንዝካየድ 'ሲድኒ ማራቶን' ከም ዕላማ ሒዛቶ ምህላዋ፡ ዓለማዊኣ ሊቪንግስቶን ኣብራሃም ገሊጹ።

## ናሆም፡ ናብ ጋንታኡ ኣቕኒዑ

ናይ ቅድም ተቐዳዳማይ ጋንታ ኤሪተል - ናህም ኤፍሬም፡ ናብ ሓዳሽ ኤውሮጳዊት ክለቡ ባይክ ኤይድ ንምጽምባር፡ ትማሊ ሱዩይ




ናብ ኤውሮጳ ኣቕኒዑ።

ካብ ሳልሳይ ክሱብ ቀዳማይ ዲቪዥን ንኤሪተል ዝወከለ ናህም፡ ነዛ ዓመት ምስዛ ጀርመናዊት ኮንቲነንታል ክለብ ክጻወት እዩ። ዕላማኡ ከኣ፡ ኣብ ዝቕጽል ዓመት ናብቲ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ክለባት (ዎርልድ ቱር) ምስጋጋር እዩ። ናብቲ ደረጃ በጺሑ ንቐጻሪ ኣብ ናይ ዎርልድ ቱር ክለባት ዝወዳደሩ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኩብዝሖ'ውን ትጸብኢት ይገብረለ።

እዚ ወዲ 19 ዓመት ትሱፋው ተቐዳዳማይ፡ ብሞግልያ ናይ'ዛ ክለብ ቀዳማይ ጸወታኡ ኣብ ዙር ሂላስ (ግሪክ) ክኸይድ እዩ። ሓሙሽተ መድረኻት ዘለዎ እዚ ውድድር፡ ረቡዕ 6 ግንቦት ጀሚሩ ሰንበት 10 ግንቦት ክዛዘም እዩ።

ኣቐዲሙ ናብ ባይክ ኤይድ ዝተጸምበረ ኤሽን የማን ከም'ኡ'ውን ጉዳም ተቐዳዳማይ ክለብ በርኸስ መርሃዊ ቅዱሱ፡ ኣብዚ ውድድር ክጻወቱ ምዃኖም'ውን ይሕበር። ጽቡቕ ዕድል!

## መደብ ጸወታ


ሎሚ
ሻምፕዮንስ ሊግ ካልኣይ እግሪ
ፍርቂ ፍጻመ
ኣርሰናል - ኣትለቲኮ ማድሪድ
10፡00 ድ.ቀ

## ፖጋቻ ኣይተኸእለን

ተቐዳዳማይ ክለብ ዩኤይኢ (ኢማራት) - ታደይ ፖጋቻ፡ ሰንበት 03 ግንቦት ንዝተዛዘመ ዙር ሮማንዴ ብዑብላልነት ተዓዊቱሉ።

እዚ ስሎቬንያዊ፡ ካብተን ሓሙሽተ መድረኻት (ንመኽፈቲ ፕሮሎግ ጉዲፍካ) ብዘይካ ንሳልሰይቲ መድረኽ፡ ንዝተረፉ ንኣርባዕተኤን መድረኻት ተዓዊቱለን። ንብጫን ቀጠልያን ማልያታት ድማ ደርቡ ለቢሱወን ወዲኡ።

ኣብዚ ኣብ ስዊዘርላንድ ንመበል 79 ግዜኡ ዝተኻየደ ውድድር ንፈለማ እዋን ዝተሳተፈ ፖጋቻ፡ ዛጊት ኣብዚ ዓመት ካብ ዘካየዶም 10 ውድድራት ወይ መድረኻት፡ ንሸሞንተኦም ተዓዊቱሎም ኣሎ።




## ስፖርታዊ ውድድራት ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ተዛዚሙ

ንኣስታት ሸሞንተ ኣዋርሕ ክካየድ ዝጸንሐ ስፖርታዊ ግጥማት ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ሜዳ ስታድዮም ኣስመራ ተዛዚሙ።

ኣብቲ ዕለት፡ ናይ መዛዘሚ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዕድመ 16 ልዕሊኡን ደቂ ኣንስትዮ ሓላይን ሓርነትን ተኻይዱ። ቤት ትምህርቲ ሓላይ ድማ፡ ኣብ መበል 58 ደቒቕ ብመገዲ ኤልሃም ዓብደልቃድር ሸቶ ብምቕጻር፡ 1-0 ተዓዊታ። ኤልሃም፡ ናይቲ ግጥም ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ ንእሽተይ ዋንጫ ተሸሊማ።

ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ባርካን ደንደንን ተጻዊተን። ኣብ መበል 18 ደቒቕ ብተማስገን ኣስመሮም፡ ኣብ መበል 60 ደቒቕ ከኣ፡ ብመገዲ ሚሮን ሙሉጌታ ሸቶ ዝረኸበት ቤት ትምህርቲ ባርካ ድማ፡ 2-0 ተዓዊታ። ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም፡ ተማሃራይ ባርካ ናታን ገረዝጊሄር ተጻዊዑ።




ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ኣትሌቲክስ መጨረሻ 70 ሜትሮ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣርሴማ ረዘነ - ዓዲ ቀንጺ፡ የሳን ተወልደ - ጉዳይፍ፡ ሩፍታ ኤፍሬም - ቤት መኻእ፣ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ፋኒኤል ኢሳቕ - ኣርባዕተ ኣስመራ፡ እሰይ የናታን - ዓዲ ኣቤቶ፡ ኣሚን ሮቤል - ተኸሊ ተዓዊቶም።

ኣብ ማእከላይ ደረጃ 200 ሜትሮ፡ ፊሽን ኣብርሃም - ደምበ ሰምበል፡ ማሙቕ በረኸት - ዓዲ ጓዕዳድ፡ - ቤተልሄም ሕሩይ - ባና፣ ብደቂ ተባዕትዮ ናህ ታደሰ - ፍረ ሰላም፡ ሴም ብርሃ - ጉዳይፍ፡ ያፊት ቢንያም - እምባጠቕራ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺኦም።

ኣብ 100 ሜትሮ ካልኣይ ደረጃ፡ የሳን ኪዳነ - ሰምበል፡ ፊሩዝ ዓንዶም - ኢብራሂም ሱልጣን፡ ኣስማይት ሰጊድ - ኢሳቕ ተወልደመድህን፡ ኤሽን ኣተሸም - ሓርነት፡ ኤርምያስ ንጉሰ - ኢሳቕ ተወልደመድህን፡ ኬሸን ንጉሰ - ባርካ ኣኣብ ጸታኦም ተዓዊቶም።

ብሓፈሻ ንኡስ ዞባ ደበባዊ ምብራቕ ጉብለል ማእከላይ ደረጃ ክትከውን እንከሎ፡ ቤት ትምህርቲ ባርካ ድማ፡ ጉብለል ካልኣይ ደረጃ ኮይና - ብማሰረት ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ እቲ ዞባ ዝተረኸበ ሓበሬታ።

## ኢንተር ሚላን፡ ሻምፒዮን ሰሪኣ ኮይና

ኢንተር ሚላን ሻምፕዮን ሰሪኣ ኢጣልያ 2025-26 ኮይና - ድሕሪ'ቲ ሰንበት ንፓርማ ዓዲማ 2-0 ምዕዋታ።

እዛ ብክሪስቲያን ቺቩ እትዕለም ክለብ፡ ቀዳማይ እግሪ ኣብ ኣጋ ምዝዛሙ (45+1) ካብ ማርኩስ ቱራም መራሕነት ዘትሓዘታ ሸቶ ረኺባ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ መበል 80 ደቒቕ ከኣ፡ ሀንሪክ ሚኪታርያን ሸቶ ወሲኹ፡ 2-0 ተዓዊታ።

በዚ ድማ ሰሪኣ ክዛዘም ሰለስተ ግጥማት ተሪፉዎ እንከሎ፡ ብ82 ነጥቢ ሻምፕዮን ምዃና ኣረጋጊጻ። እዚ ዓቢይ ክለብ ንመበል 21 ግዜኣ እያ ዕውትቲ ስኩዴቶ ትኸውን ዘሎ። ብብዝሒ ዓወታት ኣብ ቅድሚኣ ሓንቲ ክለብ ጥራይ ትርከብ - 36 ግዜ ሻምፕዮን ዝኾነት ጁቬንቱስ።



# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ትራምፕ፡ ንእማመ ሰላም ኢራን ይነጽግ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኑቲ ብመንገዲ ፓኪስታን ኣቢሉ ዝቐረበ እማመ ሰላም ኢራን ከም ዝነጸጎ ሓቢሩ።

ኣብ መንጎ ኢራንን ኣመሪካን ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣትሒዙ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ'ኳ ደው እንተበለ፡ ብሰንኪ ኣብ መንጎኦም ተፈጢሩ ዘሎ ምትፍናን ግን ኣብ ብዙሓት ሃገራት ቁጠባዊ ቅልውላው ኣጋጢሙ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

ኢራን ዝሓለፈ ሰሙን ኑቲ ወጥሪ ንምህዳእ 14 ነጥብታት ዝሓዘ እማመ ሰላም ከም ዘቕረበት፡ ምንጭታት ናይታ ሃገር ይሕብሩ።

ትራምፕ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝሃቦ



መግለጺ፡ ድማ፡ ኑቲ እማመ ከም ዝገምገሞን ተቐባልነት ከም ዘይብሉን ኣፍሊጡ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "ኢራን ኣብ ዝሓለፈ 47 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ሰብኣውነትን ዓለምን ዝፈጸመቶ በደላት እኹል ዋጋ ኣይከፈለትሉን ዘሎ" ኢሉ።

ኣመሪካ፡ ሓደ ካብቲ ትሸፍኦ ነጥብታት ዝሓቖፈ ንኢራን ዘቕረበቶ እማመ ሰላም፡ 'ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ብኽልተ ኣዋርሕ ክናዋሕ' ዝብል ከም ዝነበረ ትገልጽ።

ኢራን ብወገና፡ እቲ ምስሕሓብ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ክፍታሕ ትጽዕር ከም ዘላ እያ ትሕብር።

ቅልውላው መጺጥ ሆርሙዝ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን መጥቃዕቲ ድሕሪ ምኻየደን ከም ዝጀመረን ኣብ ሓያሎ ሃገራት ሕጽረት ቀረብ ነዳዲ ከም ዘስዓበን ይግለጽ።

ኢራን ከም መልሲ ግብሪ ናይቲ ኣብ ልዕሊኣ ዝተፈጸመ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ፡ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣመሪካ ኣብ ዘለወን ሃገራት ወሽመጥ ዓረብ መጥቃዕቲ ከም ዘካየደትን ንመጺጥ ሆርሙዝውን ከም ዝዓጸወቶን ይፍለጥ።

ኣመሪካ፡ ነቲ ኩነታት ንምርግጋእ ዝተኸተለቶ ... ኣመሪካ፡ ኑክሌሳዊ ንጥፈታት ኢራን ምሉእ ብምሉእ ደው ክብልን ንግዳውያን መራኽብ ብዘይ ገደብ በቲ ስትራተጂያዊ መጺጥ ክሓልፋን እኳ እንተጠለበት፡ ኢራን ግን ኑክሌሳዊ መደባታ ደው ከምዘይተብል'ያ ትገልጽ።

## ቅልውላው ነዳዲ፡ ንዞባ ፓስፊክ ብኣሉታ ይጸልዎ

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ጃፓን - ሳናኤ ታካይቺ፡ ኣብ መጺጥ ሆርሙዝ ተፈጢሩ ዘሎ ምዕጋት ናይ ነዳዲ መራኽብ፡ ንመላእ ፓስፊክ ኤስያ ብኣሉታ ጸልዩዎ ከም ዘሎ ኣተሓሳሲባ።

ንሳ ነዚ ዝገለጸት፡ ሃገራ ምስ ኣውስትራልያ ኣብ መዳይ ጸዓት ሓቢረን ክሰርሓ ዘኽእለን ስምምዓት ከም ዝኸተማት ድሕሪ ምሕባራ እዩ።

ብመጺጥ ሆርሙዝ ካብ ዝሓልፍ ነዳዲ፡ እቲ 80 ሚእታዊት ናብ ኤስያ ከም ዝኸይድ እዩ ኣህጉራዊ ትካል ጸዓት ዝገልጽ።



ታካይቺ፡ "ምዕጻው መጺጥ ሆርሙዝ ንኢንዶ-ፓስፊክ ብኣሉታ እዩ ዝጸልዎ ዘሎ። ጃፓንን ኣውስትራልያን ድማ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ሓደገኛ ኩነታት ምላሽ ንምሃብ፡ ብቐረባ ሓቢረን ክሰርሓ ኣብ ስምምዕ በጺሐን ኣለዋ፡" ኢላ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣውስትራልያ ኣንቶኒ ኣልባኒዝ ብወገኑ፡ እቲ ተፈጢሩ ዘሎ ምዝንባዕ ዋጋታት ነዳዲ ኣገዳሲ ዘኾቕል ምዃኑ ገሊጹ።

ኣውስትራልያ፡ ኣሰታት ሓደ ሰሶ ካብ ቀረብ ጸዓት ጃፓን ከም እተማልእ እዩ ዝግለጽ።

## ሩስያ - ብመጥቃዕቲ ዩክሬን ክልተ ሰባት ተቐቲሎም

ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዞባ ቤልጎሮድ - ሩስያ ብዝገጠመ መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን፡ ክልተ ሰባት ከምቱ እንከለዉ፡ ካልኣት ኣርባዕተ ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ኣመሓዳሪ ናይቲ ዞባ ቪያቸስላቭ ግላድኮቭ ሓቢሩ።

ኮቨደንኮ ኣብ ዝተባህለት ቁሸት ናይቲ ዞባ፡ ድሮን ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ሓንቲ መኪና ድሕሪ ምውዳቓ፡ ኣብኣ ዝነበሩ ኣቦን ወድን ከም ዝተቐትሉ፡ እቲ ኣመሓዳሪ ገሊጹ።

ኣብ ከተማ ጉብኪን ድማ ኣብ ልዕሊ ሓደ ንግዳዊ ህንጻ ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ድሮን ክልተ መንእሰያት ክቖስሉ እንከለዉ፡ ኣብ ካልእ ከተማውን ብተመሳሳሊ መጥቃዕቲ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ከም እተጎድአት፡ እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ብመሰረት እቲ ኣመሓዳሪ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ልዕሊ ዓሰርተ መንበሪ ህንጻታት'ውን በቲ መጥቃዕቲ ጉድኣት ወሪድዎም ኣሎ።

ዩክሬን ካብ ዝሓለፈ ሐደት ሰሙናት ጀሚራ ኣብ ልዕሊ ሩስያ እተካይዶ መጥቃዕቲ ኣሐይሊቶ ከም ዘላ እዩ ዝግለጽ።


ካብ ዝሓለፈ ዓርቢ ክሳብ ቀዳም ኣብ ዝነበረ ግዜ ጥራይ፡ ልዕሊ 600 ድሮናት ናብ ሩስያ ክትውንጭፍ ከም ዝኸኣለት እያ ትሕብር።

ትማሊ ሰኑይ'ውን፡ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ኣብ ከተማ ሞስኮ ዝርከብ ሓደ ሰማይ ጠቀስ ህንጻ መጥቃዕቲ ድሮን ከም ዝፈጸመት ኣፍሊጣ።

ሩስያ ብወገና፡ ዩክሬን ካብ ምዕራባውያን ሃገራት ብዝረኸበቶ ኣጽዋር ተሓጊዛ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ዜጋታታ መጥቃዕቲ ትፍጽም ከም ዘላ እያ ትኸስስ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ፡ ኢድ፡ ራሻታት ናይ'ተን ንዩክሬን ዘበልጾ ድሮናት ኣብ ምፍራይ ናይ ዝጦፉ ኩባንያታት ኤውሮጳ ዝሓዘ ዝርዝራት ኣብ ዘውጽኣሉ ግዜ፡ እቲ ኩነታት ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ከይበጽሐ እንከሎ ንዩክሬን ዝሑብራኦ ወተሃደራዊ ሓገዛት ደው ክብላኦ ኣተሓሳሲቡ ነይሩ።







## ኬንያ - ብዕልቕልቕ 18 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ሰፊሕ ክፋል ኬንያ ብዘወቐዐ ዝናብን ንሱ ብዘስዓቦ ሓደጋታት ምህማም መሬትን፡ 18 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ሰብ መዚ ናይታ ሃገር ገሊጾም።

በቲ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ፡ ደሃዮም ዝጠፍኦ ሓያለ ሰባት ብምህላዎም፡ ቁጽሪ ግዳያት ክይውሰኽ ተሰጊኡ ከም ዘሎ ድማ ወሲኾም ሓቢሮም።

ብሰንኪ እቲ ሓደጋ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ጥራይ ኣሰታት 54 ሽሕ ስድራቤታት ካብ መረበትን ከም እተመዛበላ'ውን ይግለጽ ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መላእ እታ ሃገር ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ኣብያተ ትምህርቲ ብውሕጅ ከዕለቕልቓ ከለዋ፡ ኣሰታት 17 ዓበይቲ ጽርግያታት ድማ ተዓጽየም ከም ዘለዉ፡ ኣገልግሎት ዜና ኣሶሽየትድ ፕረስ ኣመልኪቱ።

ርእሰ ከተማ ናይሮቢ እትርከቦ ገለ ክፋል ኬንያ ድማ፡ ሕልፊ ካልእ ከበቢታት ናይታ ሃገር በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ተሃሲዩ ከም ዘሎ፡ ዜናዊ ጸብጻብ ኣሶሽየትድ ፕረስ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ኣገልግሎት ሜትሮሎጂ ናይታ ሃገር፡ እቲ ዝናብ ብሕጂ ንኽልተ ሰሙን ክቕጽል ከም ዝኽእል ይትንብ ብምህላው፡ እቲ ዘወርድ ዘሎ ክሰራታት መሊሱ ከይብእስ ተሰጊኡ ኣሎ።

ኣብ ኬንያ፡ ኣብ ዝሓለፈ መጋቢት'ውን ብዝገጠመ ተመሳሳሊ ሓደጋ፡ ልዕሊ 100 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ናይ ሽው ጸብጻባት ዜና ናይታ ሃገር ይጠቕሱ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰላማዊ | 05/05/2026 | ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ.ገዛ 19 ፊት ፋብሪካ ሚዛን ኢያሱ | 07463110 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565